# ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 35 ዓመት ቁ.141 ሓሙስ 12 ለካቲት 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ሰብ፡ሰርሐ ብልህን ኣፍራይነትን






ገጽ 4
ኣብቲ ርሱን ጓይላ ንሰምሃር ክትከላ





ገጽ 8
ወግዒ ታሪኽ





ገጽ 9
ዝምድና ሱዳንን ኤርትራን




## ሰሜናውን ደቡባውን ቀ/ባሕሪ - ሽማግለታት ዕርቂ ናይ ሓደ ዓመት ገስጋስ ንጥፈታቶም ገምጊሞም

ሽማግለታት ዕርቂ ዞባታት ሰሜናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪ ናይ ሓደ ዓመት ገስጋስ ንጥፈታቶም ዝገምገሙሉ ርክብ ኣካዪዶም።

ኣብ'ዚም ብሚኒስተር ፍትሒ ወ/ሮ ፈውዝያ ሃሽም ተማእኪሎም ዝተኻየዱ፡ ብደረጃ ምምሕዳራት ከባቢ ዝተረቑሑ ሰሞታት፡ ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታትን ምምሕዳራት ከባቢን ዝተሳተፍዎም ርክባት፡ ኣብ ልምድን ክብርታትን ህዝቢ ኤርትራ ተመርኲሱ ብምእኩል ኣገባብ ዝተበገሰ መደብ ሽምግልና፡ ሕብረተሰብ ኣብ ምፍታሕ ጉዳያቱ ብኣድማዕነት ንኽጥቀመሉ ዘኽእል ብምኻኑ፡ ብሸሉ ሸኾ





ቅቡል ምኻኑ ተገምጊሙ።

ኣድማዕነት ናይ'ዚ መደብ ንምርግጋጽ ከኣ፡ ናብ ኩሉ ክፋል ሕብረተሰብ ዝቐንዐን ቀጻልነት ዘለዎን ኣሰራርሓዊ መደባት ብዝሓየለ ክቕጽል ለበዋ ቀሪቡ።

ኣብ'ዚም ርክባት ብሓፈሻ ኣብ ዘተ ሕጊ ሰድራቤት ድማ ብፍላይ በዘተኮረ ኣዛተይቲ ዝበሉ መንእሰያት ሰብ ሞያ ሕጊ፡ ኑቲ ዘገልግልዎ ሕብረተሰብ ብዝበለጸ ንኽፈልጡ፣ ከምኡ'ውን ነዊሕ ሰረት ዘለዎም ክብርታትን ስርዓት ኣካብራን ህዝቢ ኤርትራ ኣጸቢቖም ንኽርድኡ ርሒብ ዕድል ከምዝኸፈተሎም ተገሊጹ።

መንእሰያት ሰብ ሞያ ሕጊ ከም'ዚ ንዘበለ ኣገዳሲ ፍልጠት ብዝምጥእ ዓጢቖም ንሕብረተሰቦም ብዝበቕዓት ንኸገልግሉ፡ ኣብ ፈለማ ዓመታት ሞያዊ ኣገልግሎቶም፡ ምስ ሕብረተሰቦም ብቐረባ ንኽሰርሑ ዘኽእሎም መደባት ስራሕ ኪወጽኦም ምኻኑ'ኸኣ ተሓቢሩ።

ዕርቂ፡ ንሸሉ ወገን ዘዕግብ፡ ዘላቒ ፍታሕ ክርክራት ዘረጋግጽ፣ ቅርሕንትታትን በደላትን ንሓዋሩ ብምፍዋስ ሰላምን ሓድነትን ዘውሕስ፡ ካብ'ቶም እንሕበነሎምን ንቕጽልነቶም ብዕቱብ ክንዕቅቦም ዝግባኣና ክብርታት ሕብረተሰብ ኤርትራ'ዩ።

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ዝርከብ 103 ምምሕዳራት ከባቢ 515 ሽማግለ፡ ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ዝርከብ 30 ምምሕዳራት ከባቢ ድማ 150 ሽማግለ ተረቚሖም ዕማማቶም የካይዱ ከምዘለዉ ዝፍለጥ'ዩ።

## ደቡብ - ኣብ ምክልኻልን ምፍዋስን ሕማማት ኣድማዒ ስራሕ ከምእተዓመ ተገምጊሙ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ደቡብ፡ ብቐዓት ዘለዎ ኣገልግሎታት ክብ ብምባል ጥዕና ሕብረተሰብ ንምውሓስ፡ ኣብ 2025 ኣድማዒ ንጥፈታት ከምዘሰላሰለ፡ ብ9ን 10ን ለካቲት ኣብ መንደፈራ ኣብ ዘካየዶ ገምጋም ገሊጹ።

ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር ዶ/ር ኣማኒኤል ምሕረትኣብ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ሕማማት ንምክልኻልን ንምፍዋስን ብዝተዓመ ስራሕ፡ ተርእዮ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ብሓፈሻ ሕማም ዓሶ ከኣ ብፍላይ ብ11 ሚእታዊት ከምዝነከየ ሓቢሩ።

ኣብ ዝተፈላለየ ንኡሳን ዞባታት ብኣበርክቶ ህዝብን ምምሕዳራትን 37 መጸበቒ ነፍሰጾራት ብምስራሑ፡ ቍጽሪ ናይተን ኣብ ትካላት ጥዕና ዝሓርሳ ኣዴታት ብልዕሊ ዕጽፊ ከምዝዓበየ ብምሕባር፡ ኣብ እዋን ሕርሲ ዘጋጥም ሞት ኣደን ዕሸልን'ውን ናብ ዝተሓተ ደረጃ ከምዝወረደ ኣፍሊጡ።

ዶ/ር ኣማኒኤል ወሲኹ፡ ሽፈነ ክታበት ብ87 ሚእታዊት፣ መጠን ሕወየት ሕሙማት ቲቢ ድማ ብ93 ሚእታዊት ከምዝዓበየ ብምጥቃስ፡ ንተራ ናይቶም ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ተዋፊሮም ዝርከቡ ኣጋር ሓካይም ኣማስጊኑ።

ብደረጃ ንኡሳን ዞባታት ኣብ ዝቐረበ ጸብጻባት ድማ፡ ዑረት ንምክልኻል ንልዕሊ 10 ሽሕ ዜጋታት ዕወት መጥባሕቲ ሓበላ ዓይኒን ቅርጺብ ዓይኒን ከምእተገበረሎም ተሓቢሩ።

ኣብ ምምሕዳር ዞባ ደቡብ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ቃልኣብ ተስፋሰላሰ ብወገኑ፡ ጥዕናዊ ኣሰራርሓት ኣብ ምግታእ ሕማማት ሓጊዙ ተራ ስለዘለዎ ብዝበለጸ ክድፋፋእ ብምዝኽኻር፡ ምምሕዳር ዞባ ደቡብ ጠለባት ትካላት ጥዕና ንምምላእን ኮማዊ ተሳትፎ ንምዕዛዝን ከምዝሰርሕ ኣረጋጊጹ።

ሚኒስተር ጥዕና ኣሚና ኑርሑሴን ኣብ ዘስምዐቶ መዛዘሚ ቃል፡ ኣብ መዳይ ጥዕና ዝተኸብበ ዓወታት ብምዕቃብ፡ ተርእዮ ሕማማት ንምቍጽጻር ብሓፈሻ፣ ጥዕና ኣደን ዕሸልን ንምርግጋጽ ከኣ ብፍላይ፡ ኩለን ትካላት ጥዕና ብዕቱብ ክሰርሓ፣ ንዝበርኸ ውጽኢት ከኣ ብወህደት ክሰርሓ ተላቢያ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ሚኒስተር ኣሚና፡ ኣብ መወከሲ ሆስፒታል ዞባ ደቡብ ጸዓት ኤለክትሪክን ቀረብ ኦክስጅንን ንምውሓስ ንዝተሰላሰለ ስራሕ ተዓዚባ።



ስእሊ ፈልሞን ትካቦ



ስእላይ ፈልሞን ትካቦ

# ደ/ቀ/ባሕሪ - ብቋንቋ ምልክት ክስልጥኑ ዝጸንሑ ተመረቑም

ሃገራዊ ማሕበር ጽሙማን ኤርትራ ጨንፈር ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ንሰለስተ ኣዋርሕ ብቋንቋ ምልክት ክሰልጥኑ ዝጸንሑ ካብ ዝተፈላለየ ትካላት ዝተዋጽኡ 46 ሰራሕተኛታት፡ ብ6 ለካቲት ኣብ ዓሰብ ኣመረቑ።

ዕላማ ናይ'ቲ ስልጠና፡ ኣብ ወሃብቲ ኣገልግሎት ትካላት ንጽሙማን ዜጋታትና ናይ ምርድዳእ ጸገም ንምፍታሕን ዝተማልአ ኣገልግሎት ዝረኽቡሉ ባይታ ንምጥጣሕን ከምዝኾነ፡ ሓላፊ ጨንፈር ዕቑን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ የሲፍ ፍስሃየ ገሊጹ።

ሓላፊ ሃገራዊ ማሕበር ጽሙማን ኤርትራ ጨንፈር ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ ቃልኣብ ወልደማርያም ብወገኑ፡ ብደረጃ ጨንፈር እቲ ስልጠና ንቐዳማይ ግዜ ከምዝተኻየደ ብምጥቃስ፡ ኣካል ናይ'ቲ ንጽሙማን ካብ ተጸሎ ንምንጋፍ ዝተገብረ ጻዕሪ ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ኣቦመንበር ሃገራዊ ማሕበር ጽሙማን ኤርትራ ኣቶ ወልደሚካኤል ሰኣለ ድማ፡ ማሕበር ካብ ዝምስረት 4 ሽሕ ኣባላት ጠርኒፉ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ዛጊት ዘይተጠርነፉ ስለዘለዉ ግዱሳት ሰድራቤታትን ኮምን መሪሕ ተራ ክጻወቱ ተላቢዩ።

ኣብ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ተመሳሳሊ ስልጠና ን350 ዜጋታት ተዋሂቡ ምንባሩ ዝዝከር'ዩ።





# ሰረጀቓ - ራሕቂ ኣብያተ-ትምህርቲ ንምቕላል ይሰራሕ ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ፡ ጽልዋ ራሕቂ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ወጽኢት ተመሃሮን ንምቕላል ይሰራሕ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ኣገልግሎት ትምህርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር መሪሕ ከሮስ ገሊጹ።

መምህር መሪሕ ኽዚ ዝገለጾ ብ9 ለካቲት ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ጣዕረሺ-ዕናናላይ እትርከብ ናይ መጀመርታ ቤት-ትምህርቲ፡ ናብ ማእከላይ ደረጃ ኣብ ዝተሰጋገረትሉ እዋን'ዩ።

ርእሰመምህር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ሳሙኤል ስመረ ብወገኑ፡ ኣቐዲሙ - ተመሃሮ ናይ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቶም ንምቕጻል ኣስታት 8 ኪሎሜተር ናብ ሰረጀቓ ክኸዱ ምጽንሖም ብምሕባር፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ግን ኣብ ማእከል ዓዶም ክመሃሩ ጀሚሮም ከምዘለዉ ኣብሪሁ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ኣቶ ክፍለማርያም ገብረመስቀልን ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ሙሴ እዮብን ብወገኖም፡ ነርቲ ገዛውቶምን ጉልበቶምን ኣወፊዮም ተወሳኺ ክፍልታት ክሃንጹ ምኳኖም ገሊጾም።

ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ መስፍን ወልደሰላሴን ሓላፊ መሰረታዊ ትምህርቲ መምህር ስርጹ ተኽለይን ድማ፡ ተመሃሮ ተፈጢሩሎም ዘሎ ዕድል ብግቡእ ክጥቀሙሉ፣ ወለዲ ድማ ኣብ ደቆም ግቡእ ክትትል ብምግባር ኣብ ምዕባለ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን እጃሞም ክበርክቱ ተላቢዮም።

ልዕሊ 300 ስድራቤታት ዝነብርኦ ምምሕዳር ከባቢ ጣዕረሺ - ዕናናላይ፡ ካብ ኣስመራ ንሸነኽ ሰሜናዊ ምዕራብ 27 ኪሎ-ሜትር ርሒቓ ትርከብ።



ስእሊ. ፊያሜት መስፍን

# ባጽዕ - ኣብ ምሕደራን መሪሕነትን ዘተኰረ ስልጠና ተዋሂቡ

ጨንፈር ሃማመተኤ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ናቕፋ፡ ቅሮራ፡ ኣፍዓበት፡ ሽዕብ፡ ባጽዕ፡ ፎሮን ገልዓሎን ንዝርከቡ ኣባላቱ፡ ኣብ ምሕደራን መሪሕነትን ዘተኰረ ስልጠና ወሂቡ።

እቲ ንሓደ ሰሙን ዝተዋህበ ስልጠና፡ ምሕደራን መሪሕነትን፣ ምሕደራ ጸቕጢ ማዕና፣ ኢድሊይነት ውዳበ፣ ኣምር ስነ-ሓሳብን ፖለቲካን፣ ከምኡ'ውን ካልኦት ዛዕባታት ዝሓቖፈ'ዩ ነይሩ።

ብ7 ለካቲት ኣብ ዝተኻየደ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት፡ ሓላፊ ውዳቤታት ሃማመተኤ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ መንእሰይ ሳልሕ ኣሕመድ፡ እቲ ስልጠና - ኣብ መንእሰያት ወለንታዊ መሪሕነት ንምትብባዕን ንምምልማልን ከምኡ'ውን ተመክሮ ንምልውዋጥ ዝሓለዎ ተራ ብቐሊል ከምዘይጥመት ገሊጹ።

ሓላፊ ፖለቲካን ውዳበን መንእሰይ ሱሌማን የሱፍ ብወገኑ፡ ዝተዋህበ ስልጠና ኣካል ናይ'ቲ ማሕበር ኩሉመዳያዊ ብቕዓት መንእሰያት ንምብራኽ ዘሰላስሎ ዕማም ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ትምህርቲ ኣብ መዓልታዊ ሂወቶም ብግቡእ ክጥቀሙሉ ተላቢዩ።

ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ እድሪስ ዒሊ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ስልጠና ብምጥቃስ፡ ንመዛኑኦም ኣርኣያ ክኾኑ ከምኡ'ውን ቀጻሊ ጽልዋ ክህልዎም ተላቢዩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284

# ደቀምሓረ - ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻል እንግዶት ተገይሩ

ህዝብን ምምሕዳራትን ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ፡ ኣብ ህንጻን ልምዓትን ተዋፊሮም ኣድማዒ ንጥፈታት ንዘዕመሙ ዘለዉ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል እዚ ማእከል፡ ናይ ምስጋና እንግዶት ኣዳልዮም።

ብ5 ለካቲት ኣብ ዝተኻየደ መደብ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ዝርከቡ ጸሮማት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምፍታሕ፣ ከምኡ'ውን መደባት ምፍዋስ ማይ-ክዕታትን ህንጸት ዲጋታትን ንምዕዋት ልዑል ኣበርክቶ ዝገበሩ ኣሃዱታት ከምእተሳተፋ፡ ወከልቲ ኤሪና ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ኣቶ የማነ ኣብርሃ፡ ፕሮጀክት ዝሰተ ማይ ሰሳሕን ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ዝህጹ ዘሎ መቓብር ሓርበኛታትን መርኣያ ናይ'ቲ ዛጊት ብጻዕሪ ህዝብን ሰራዊትን ዝተሰላሰለ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣዘዝቲ ናይተን ኣሃዱታት ኣብ ዘስመዕዎ ቃል፡ ህዝብን ምምሕዳራትን ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ካብ ኀኖም ከይተፈልዩ ንዘበርከቱሎም ደገፍ ኣመስጊኖም።



ስእሊ. ሲራክ ተስፋሚካኤል

# ቁጠባን ዋኒንን

ተስፈት ሓጐስ

## ሰብ-ሰርሖ ብልህን ኣፍራይነትን

ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ናይዚ ዓምዲ፡ ተክኖሎጅያዊ ገስጋስ ቀጻልን ዘየቋርጽን ምዃኑ ተመልኪቱ ነይሩ። ኣብ ደረጃ ውልቀሰብ፡ ትካልን ሃገርን ዝፈጥሮ ረብሓ ጉሉሕ ምዃኑ'ውን ከምኡ ተጠቒሱ። ተክኖሎጅያዊ ገስጋስ ድማ ቡቲ ዝፈጥሮ ረብሓ ጥራይ ዘይኮነ ቡቲ ዝፈጥሮ ስግኣት ወይ ዕንወት'ውን ስለዝርአ፡ ብሓረግ "መሃዛዊ-ዕንወት" ዝግለጽ ምዃኑ ተመልኪቱ። እቲ ብድሆ፡ ሓድሽ ተክኖሎጂ ምምዕባል ጥራይ ዘይኮነ ነቲ ብእኡ ዝስዕብ ሃሲያ ምእላይ ወይ ምምሕዳር'ውን ዘጠቓልል'ዩ። ሰብ-ሰርሖ ብልሂ ኣብ ኣፍራይነት ዘለዎ ጽልዋ ንኹሉ ዘርብሕ ድዩ ንዘተወሰነ ክፋል? ብመሰረቱ ኸ ኣፍራይነት የዕቢ ድዩ? ይስዕብ።

### ሰብ-ሰርሖ ብልሂ (ሰሰብ) ብኸመይ ይግለጽ

ኣህጉራዊ ውድብ ቁጠባዊ ምትሕግጋዝን ልምዓትን (OECD) ኣብ 2023 ዘውጽኦ መግለጺ፡ ንሰሰብ "ኣብ ማሽን ዝምርኮስ ስርዓት (ሲስተም) ኮይኑ ንእዉጅ ወይ ስዉር ዕላማ ከም እታው ካብ ዝተቐበሎ ሓበሬታ ገምጋም ብምውሳድ ከም ትንበያ፡ ትሕዝቶ፡ ምሕጽንታ ዝኣመሰለ ውጽኢት ወይ ንነገራዊ ይኹን ማዝዛዊ ኩነታት ዝጸሉ ውሳነታት ዘመንጩ'ዩ" ብምባል ይገልጾ። ንሰሰብ በዚ ኣገባብ ምግላጹ፡ እቲ ኣብ ደቂሰብ ዘሎ ናይ ምግንዛብ ክእለት ከምዘለዎ ዘንጸባርቕ'ዩ። በዚ ምኽንያት ከኣ'ዩ ሰሰብ ክመሃር፡ ክምጉት፡ ከስተብህልን ተፈጥሮኣዊ ቋንቋ ክርዳእን ዝኽእል። እዚ ከኣ ንደቂሰብ ናይ ምድራግ ወይ ምውድዳር ዓቕሚ ከምዘለዎ ዘጉልሕ'ዩ።

በዚ ኣመለኻኽታ፡ ሰሰብ ኪኖ'ቲ ልሙድ ዝኾነ ኣውቶሜሽንን ሮቦቲክስን ዝሰገመ'ዩ። ነቲ ናይ ምግንዛብ ክእለት ደቂሰብ ንምድራግ ከኣ ነቲ "ብማሽን ከምኡ'ውን ዲፕ ለርኒን" ዝፍለጥ ሜላታት ኣላፊኑ ይሰርሕ። ሰሰብ፡ ማሽናት ከስተውዕላ፡ ክትንትና፡ ክንበያን ፍርዲ ክህባን ከምዝኽእላ ብምግባር ንገለ ካብ ብልሂ ክእለታት ደቂሰብ ክዳረጎ ክኢሉ ኣሎ። እዚ ምድራግ ከኣ ትካላት መስርሓተን ከሐይላ፡ መጠን ተኽፋሊኦን ክንክያን ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ካብ ትንተና ናይ ዳታ ክሳብ መዝዩ ሞዴል ብምምዕባል ኣፍራይነተን ከዕብያ ሓጊዙወን ይርከብ።

ኣብዚ ቀረባ ዓመታት ኣብ ሰሰብ ከምኡ'ውን ኣብ ኣውቶሜሽን ዘተኩር መጽናዕትታት ኣመና ሰሲኑ'ዩ። ማእከል ዝተባህለ ዓለምለኻዊ ማእከል ምኽርን መጽናዕትን ዘቐረቦ ጸብጻብ፡ ዛጊት ብግብሪ ተራእዩ ብዘሎ ተክኖሎጂ ጥራይ ኣብዚ እዋን ካብ ዘሎ መደብ ስራሕ እቲ ፍርቂ ናብ ኣውቶሜሽን ክሰጋገር ከምዝኽእል የመልክት። ናይ ስነቑጠባ ተዓዋቲ ሽልማት ኖቤል ዝኾነ ዳረን ኣስመገሉ ከኣ ኣብዚ እዋን "ኣብ ግጉይ ዓይነት ሰሰብ" ምሐር ኣተኩርና ምህላውና ይምጉት። ግጉይ ዝበሎ ድማ ዝያዳ ኣውቶሜሽን ከም ርእሱ ዝኸኣለ ናይ መወዳእታ ዕላማ ይቖጽር ምህላዉ'ዩ። ብሰሪ'ዚ ኣመለኻኽታ ከም ምሕያል ጸጋሰብ ዝኣመሰለ ዕዙዝ ቁጠባዊ ኣገዳስነት ዘለዎ ሽቶታት ግዳይ ናይ ምዃን ተኽእሎ ይዓቢ ኣሎ።

"ደቂ ገዛውትና ግን ብጎረሮኺ ኢኺ ትበልዒ እዮም ዝብሉኒ!"

እዚኣ ኣዘራርባ ወይ ምላሽ ተዘክርቲ ካብ ዝኾና ህሞት ውድድር ሸንግርዋ ሓንቲ'ያ። ሕመረት ናይዛ መግለጺ ከኣ ድምጻዊት ምዃን ርእሱ ዝኸኣለ ሞያ ኮይኑ እቶት ዝርከቦን ናብራ ዝምርሓሉን ምዃኑ'ያ ተመልክት። ብኣገላልጻ ናይታ ተወዳዳሪት ድማ ዝብልዓሉ ሞያ። በዛ ኩርናዕ ጥራይ እንተርኢና ከኣ ክንደይ ድምጻውያን (መደብ ስራሕ) ይህልው? ንድምጻውያን ዘሰኒ መዚቃ ዝሰርሑ መዚቀኛታት፡ ጽሬት መዚቃን ድምጽን ዝቓኒዩ መሃንድሳት፡ ኣብ መቕረጺ ስቱድዮታት ዝሰርሑ፡ መዚቃ ንምስራሕ ዘድሊ ኣቑሑ ኣብ ዝፈርየሉ ትካል ዝሰርሑ፡ ሓደምቲ ወዘተ. እንተጸብጺብና እቲ ቁጽሪ ሒደት ኣይኮነን። ተጠወርቲ ሰድራቤታት ምስ ዝውሰኾ ከኣ እቲ ቁጽሪ መሊሱ ይፍርዝን። ሰሰብ ምስ ዝውሰኾ ኸ?

ኣብዚ ቀረባ እዋን፡ ኣብ ልብን ውሽን ኤርትራውያንን ካልኦት ሰማዕትን ዝሰፈሩ ደርፍታት ሃገርና ብሰሰብ 'ተሓሚሶም' ኣካፍሎ (ሼር-ኢት) ብዘበዝሓል መተግበሪ ይዞሩ ኣለዉ። እዚ ብጋንታ ዝስራሕ ዝነበረ ዕዮ ብደገፍ ሰሰብ ኣብ ውሽጢ ሓጺር እዋን ብሓደ ውልቀሰብ'ዩ ዝስራሕ። ብመንጽር ኣፍራይነት ክርአ እንከሎ ድማ ብዘውሓደ እታው ምስ ናይ ቅድሚ ሕጂ ዝመሳሰል ወይ ዝሓሸ ፍርያት ቀሪቡ ዝበል ይኸውን። ብዓይኒ ኣፍራይነት ድማ እቲ ኣገባብ ጥቅውን ኣድማዕን ይኸውን ኣሎ ማለት'ዩ። ብኻልእ መዳይ ናይ ቁጠባን ሞራልን ምስ ዝርአ ኸ?

ዝጥዕሙ ናይ ስራሕን እቶትን ዕድል ከም ነጥቢ ምስ ዝለዓል፡ እዚ ደኣ ድሮ ዝተበልዓሉ እንድዩ፡ እንታይ ዘሰክፍ ኣለዎ ዝብል ኣይሰኣንን'ዩ። ወይ'ውን ቡቲ ጽያፈ ዝመስል 'ጽያቐ' ዝተደሰተ 'ኬፍ ኣለዎ' ዝብል ይህሉ'ዩ። ምሕዳስ (ሪሚክስ) እውን ዝነበረ እንደዩ ዝብል'ውን ክህሉ'ዩ። እቲ ዋና ጉዳይ ግና እቲ ኣብ ሓደጋ ዝኣቱ ዘሎ ክእለት ናይዞም ሞያተኛታትን ዝረኽቡዎ ዝነበሩ ዓስቦን እዩ። ምኽንያቱ፡ እዚ ዝሰማዕ ዘሎ ድጋምን መላመዲን እዩ። ሰሰቡ፡ ተማሃራይ ብምዃኑ ተማሂሩ ምልክት ምስ ኣጥረየ፡ ናይ ምምሃዝ ክእለት ስለዘለዎ ከኣ ሓድሽ ደርፊ ክሰርሕ ምስ ጀመረ፡ ምስትውዓልን ስምዒትን ስለዘለዎ ድማ ልቢ ሰማዕቲ ዝሰልብ ደርፊ ክፍሪ ምስ ጀመረ ሞያተኛታት ደርፊ እንታይ ክኾኑ'የም ወይ ብምንታይ ክናበሩ'የም ዝብል ነጥቢ ምሕሳብ የድልዩ።

እቲ ልሙድ መልሲ፡ ሞያተኛታት ክእለቶም ከዕብዩ ማለት ምስራሕ ደርፊ ብደገፍ ሰሰብ ክዕለሙ ወይ ከኣ ሓድሽ ክእለት ከጥርዩ ኣለዎም ዝብል'ዩ። እዚ፡ ኣይከኣልን'ዩ ዋላ ኣይበሃል፡ ካብ ክትገብሮ ክትዛረቦ ዝቐልል ምዃኑ ግና ዘየሻሙ'ዩ። ናብዚ መደምደምታ ቅድሚ ምስጋርና'ውን ምስትውዓል ዘድልዮ ነጥብታት ከኣ ኣሎ። ፈለማ፡ እዞም ሞያተኛታት እቲ ከጥርይዎ ኣለዎም ዝበሃል ኣማራጺ ክእለታት እንከሎ'የም ኣብዚ ዓውዲ ክነጥፉ ጀሚሮም። ካልእ፡ ሓድሽ ተክኖሎጂ ንዝፈጥሮ ስራሕ ኩሎም ክዕለምዎ ዘይክእሉ ወይ ንኹሎም ዝሓቑፍ ዘይምዃኑ'ዩ። እቲ ዘጥርይዎ ሓድሽ ክእለት'ውን እንታይ ውሕስነት ኣለዎ ዝፈልጥ የለን።

እዚ ክስተት ዝፈጥሮ ስግኣት ኣብ ደርፊ ጥራይ ዝተደረተ ኣይኮነን። በዚ ኣብ ተክኖሎጂ ሓበሬታን መራኸቢታትን ዝርአ ዘሎ ገስጋስ፡ ምሉእ ብምሉእ ንደቂሰብ ከግልሉ እዮም ካብ ዝበሃሉ ዓውድታት ድማ ሕጊ፡ ሕክምና ከምኡ'ውን ሕሳብ (ኣካውንቲንግ) ይጥቀሱ። ብኣጠቓላሊ፡ ድምጺ ናይዞም ኣካል ሳዕለዋይ ደርቢ ዝኾኑ፡ ሎሚ ሞያኦም ኣብ ሓደጋ ዝኣቱ ዘሎ ሞያተኛታት ተሰማዒ'ዩ። ክንዲ ዝኾነ ከኣ ኣብ ተክኖሎጂ ዘለዎም ቀረባ ክገልጹ እንከለዉ ከም ናይቶም ሉዲተኛታት ኢንዱስትሪ ኣይርአን። ንቅሬታኦም ዝወሃብ ምኽኒት ድማ ጽልኢ/ፍርሒ ተክኖሎጂ ሃልዩዎም ዘይኮነስ እንጀራኦም ኣብ ሓደጋ ስለዝወደቐ'ዩ ዝብል ልስልስ ዝበለ መግለጺ'ዩ።

ኣብ ቁጠባዊ ትንተና፡ ብስርዓተ-ዕዳጋ ዝውሰን ዋጋ ዝብል ኣምር ዋሕዲ (ስኬርሲቲ) ናይ ፍርያት ከምኡ'ውን ኣብ ምምእዛን ቁጠባዊ ውሳነታት ወሳኒ ተራ ዘለዎ'ዩ። ኣብ ምውዳን ስርዓት-ቑጠባ፡ ቁጠባዊ ኣመለኻኽታታት ኣድማዕቲ እኳ እንተኾኑ ዝኾነ ውሳነ ብእኡ ጥራይ ክርአን ክውሰንን ኣለዎ ማለት ግና ኣይኮነን። ብዛዕባ ሰሰብ ክንሓስብ እንከለና ንኣብነት፡ ኣብ ሕብረተሰብ ቅቡል ዝኾነ ሞራላዊ ክብርታት'ውን ጠቓሚ ምእዛና ዝሁብ'ዩ። ብርግጽ፡ ነዚ ቁጠባውን ሞራላውን ኣረኣእያ ኣሳኒኻ ኣዕጋቢ ምላሽ ክትህበሉ ዘጸግም ሕቶታት ሒደት ኣይኮነን። ንኣብነት፡ ናይ ስራሕ ዕድል ዘጥፍእ/ዝዓጹ ሓድሽ ተክኖሎጂታት ምትእትታው ቅኑዕ ድዩ ዝብል ሕቶ ብቐሊሉ ዝምለሽ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ምጥቃም ናይቲ ተክኖሎጂ ከም ጥቅውና ዘዕብን ብደረጃ ሕብረተሰብ ዝርአ መኽሰብ ዝፈጥርን እዩ ብዝብል ቁጠባዊ ክድገፍ ይከኣል'ዩ። ማዕረ ማዕረኡ ድማ ኣብቶም ስርሖም ዝተመንጠሉ ዝስዕብ ርኡይን ቅጽበታውን ስቅያት ዕሸሽ ዘበሃል ኣይኮነን።




### መጽናዕታዊ ርኽበታት

መትር (METR)፡ ኣብ ቅድሚት ንዘስራዕ ሞዴላት ሰሰብ ትግምግም ንመኽሰብ ዘይትዓዪ ትካል'ያ። ንትጠቀምቲ ክፉት ምንጪ ዘለዎ ፍርያት (ኦፕን ሶርስ) ኣብ ዘማዕብሉ ምኩራት ክኢላታት ኣተኩራ ዘካየደቶ መጽናዕቲ፡ ሰሰብ ክጥቀሙ እንከለዉ ሓንቲ ዕማም ንምፍጻም ዝወስደሎም ግዜ ብ 19 ሚኢታዊት ከምዝዩድ የመልክት። ትርጉሙ ከኣ ብዘይ ደገፍ ሰሰብ ዝያዳ ስራሕ የሳልጡ ማለት'ዩ። እዚ፡ ዘገርም ርኽበት'ዩ። ዝያዳ ዘገርም ግና ሰሰብ እንታይ ከምዝሓግዞም ተሓቲቶም ዝመለስዎ'ዩ፣ ንስርሖም ብ20 ሚእታዊት ከምዘቀላጠፎ።

ሰሰቡ፡ ኣብ ስራሕ ዝያዳ ጥቅዋት ክንከውን ይሕግዘና ዶ ኣይሕግዘናን ንምድህሃስ ኣብ 5 ሽሕ ሰራሕተኛታት ቤት ጽሕፈት ኣተኩሩ ዝተኻየደ ካልእ መጽናዕቲ ድማ፡ ክልተ-ሲሶ ካብኦም ተራ ኣባላት ካብ ዜሮ ክሳዕ ክልተ ሰዓት ከምዝቑጥበሎም ገሊጾም። 40 ሚኢታዊት ካብኣቶም ድማ "ሰሰብ ፈጺሞም እንተዘይተጠቀሙ" ከምዝሕሾም ገሊጾም። ልዕሊ 40 ሚኢታዊት ካብኦም ኣካየድቲ ስራሕ ግና ሰሰብ ኣብ ሰሙን ልዕሊ 8 ሰዓታት ከምዝቑጥበሎም ገሊጾም።

ኣብ 95 ሃገራት ኣብ ዝርከቡ 4,454 ኣካየድቲ ስራሕ ዝተኻየደ ዳህሳስ (pwc) ድማ 12 ሚኢታዊት ካብተን ኩባንያታት ሰሰብ መኽሰበን ከምዘዕበየን ተኽፋሊኦን ከምዝነከየን ክገልጻ እንከለዋ 56 ሚእታዊት ግና "ዝኾነ ፋይዳ ይረኽባ" ከምዘየለዋ ገሊጸን። ብሓፈሻኡ፡ ሰሰብ ኣብ ምዕባይ ኣፍራይነት ወሳኒ ግደ ኣለዎ ዶ ወይ ጠቓሚ ድዩ ትብል ሕቶ ሓንትን ዘይተሻሙን ምላሽ ዝርከባ ከምዘይኮነ ምግንዛብ የድሊ።

እዚ ፍልልይ መንቀሊኡ እንታይ እዩ ምባል ዘይተርፍ'ዩ። ሓደ ኣመለኻኽታ ከኣ ሰሰብ ኣብ ትካል ዘሎ ስራሕ ካብ ሓደ ናብ ካልእ ኣካል ናይ ምስግጋር ባህሪ ስለዘለዎ'ዩ ዝብል'ዩ። እዚ ከኣ ቡቲ ሰሰብ ግዜ ቌጣቢ'ዩ ዝብል ኣካል ዝፈረየ ዕዮ፡ ነቲ ዝእርምን ዘርትዕን ኣካል ዝያዳ ግዜ ስለዘጥፍኣሉ'ዩ። ነዚ ጽቡቕ ስራሕ ዝብል ማስኬራ ዝሓዘ ብሰሰብ ዝዳሎ ግን ከኣ ጣቋ ዝውሕዶ ዝኾውን ሲያመ'ውን ተዋሂብዎ ኣሎ፣ ጅርጋዕ ዕዮ። ሙብዛሕትኡ ግዜ ብሰሰብ ተደጊፎም ዕዮኦም ዘሰላሰሉን ንርእይቶ ናብ ትሕቲኦም ዘውርዱን ኣካየድቲ ወይ መራሕቲ ስራሕ እዮም። ብተወሳኺ፡ 'ጀሚናይ' ተጠቒሞም ኢ-መይል ዝምልሱ፡ 'ቻትጂፒቲ' ተጠቒሞም 'ፖወርፖይንት' ዘዳልዉ'ውን ንሳቶም እዮም። ሰሰብ ንጥቅውና ሓጋዚ'ዩ ዝብሉ'ውን ንሳቶም እዮም። ሓደ መጽናዕቲ ከምዘመልክቶ ድማ ከም ጅርጋዕ ካብ ዝግለጽ ዕዮ እቲ 16 ሚእታዊት ካብ ላዕሊ/ሓለፍቲ ዝመጽእ ክኸውን እንከሎ እቲ 40 ሚእታዊት ድማ ካብ ናይ ስራሕ መዛኑ ዝመጽእ'ዩ።

### መጻኢ ሰሰብ

ሰሰብ ከም ኢንተርነትን ምምንጫው ሓይሊ ኤለክትሪክን ሓፈሻዊ ዕላማ ዘለዎ ተክኖሎጂ ምዃኑ ሊቃውንቲ ይሰማምዑ። ክንዲ ዝኾነ ከኣ ኣብ ዓለምለኻዊ ኢንዱስትርያውን ቁጠባውን መዋቕር ሰፊሕን ዓሚቝን ጽልዋ ክህልዎ ትጽቢት ይግበረሉ። ጽልዋኡ ኣብ ኩሉ ዓውዲ ማለት ካብ መስንዕን ምክልኻልን ክሳዕ ጥዕና ክዝርጋሕ ይግመት። ኣብዚ እዋን ድማ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መድረኽ ናይ ዋኒን ማለት ካብ ምምዕባል ፍርያት ክሳዕ ምፍራይ፡ ምሻጥን ምምሕዳርን የስፋሕፍሕ ኣሎ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ተክኖሎጂ ሰሰብ ዝተራእየ ንትጉኣዊ ብዝኾነ ምዕባለ ኣብ መዓልታዊ ሂወት ተጠቀምቲ ከገልግል'ውን ቀሩብ ኮይኑ ኣሎ። ከም ዓፍራ ንፍሒ ኢሉ ዝትትኩስ ከይከውን ስግኣቶም ዝገልጹ'ውን ኣይተሳእኑን። ነዚ ከኣ ምስ ምምጻእ ኢንተርነት ንዝተኸሰተ ብዓፍራ 'ዶት ኮም' ዝግለጽ ኩዛምድዎ ይረኣዩ።

ብኣጠቓላሊ ክርአ እንከሎ ሰሰብ ከም ባሕሪ ክግለጽ ይከኣል። ባሕሪ ከኣ ሃንደራእ ኢልካ ዝእቶ ቦታ ኣይኮነን። ኩተንሳፍፍ ወይ'ውን ከይትጥሕል ክእለት ምሕንባስን የድሊ። ጸጋታቱ ክጥቀም ምስኡ ዝኸይድ ክእለት ኩተማዕብል የድሊ። ኮታ ኣብ ባሕሪ ባሕረኛ ምዃን የድሊ። ብዛዕባ ሰሰብ ክንሓስብ እንከለና ድማ ብስምዒትን ተምሳጥን ዘይኮነ ብውነን ምስትውዓልን ክኸውን ተመራጺ'ዩ። ኣፍራይነት ጸጋ-ሰብና፡ ትካልናን ሃገርናን ብዘዕቢ ኩርናዕ ምርኣይ የድሊ። ምኽንያቱ ተክኖሎጂ ንሰብ ዝድግፍ እምበር ንሰብ ዝትክእ ክኸውን ስለዘይብሉ።



ሽባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ኣብቲ ርሱን ጓይላ ንሰምሃር ክትከላ

ስምኦን ወልደሚካኤል

ንኤርትራ ዝግባእ ናጽነትን ፍትሕን ክደሊ ናብራ ሰብን ሰብ ምዃንን ገዲፉ፡ ኣብ ኣኽራት ሳሕል ተጸፍዩ ዝሓኸረን ዝወረደን ህዝባዊ ሰራዊት፡ ኣብ ጉላጉል ክጋልብ ናብ ሰምሃር ወሪዱ። ካብቲ ኀቦ ከይወርድ ረጊጡ ክሕሉ ተልእኾ ዝነበሮ ናይ ኢትዮጵያ ዝጉልበተ ተዋጋኢ ኣሃዱ - ናደው እዝ - ኣብ መጋቢት 1988 ኣቃቢጹዎ እዩ። ተጋደልቲ ነቲ ብሶቭየታውያን መራሕቲ ኩናት ዝምክርን ዝምራሕን ዝነበረ ናደው እዝ ክዋግኡዎ ዘይኮኑስ ክቐብሩዎ እዮም ከይዶም። ተጋዳላይ ገረዝግሄር ዓንደማርያም (ውጩ)፡ ሓደ ካብቶም ሳሕል ዝሰሓሎም ዕንቍታት ተጋደልቲ፡ ነቲ ዝመርሖ ኣሃዱ ክፍለ ሰራዊት 85 ቅድሚ ናይ ዜሮ ሰዓት ምእካሉ ኣኪቡ፡ "ኣብ ቀብሪ ናደው ንምስታፍ ኢና ተኣኪብና ዘለና፡ ሓመድ ድብ ናደው ክንፍጽም ኢና፡" ዝብል መግለጺ እዩ ሂቡዎ። ጣቕዒትን ሰሓቕን ናይ ኣፍላታት ከኣ ተቓጺጹ ተወዓውዐ። ተበገሰ ኮይኑ ተበጊሱ፣ ከምቲ ዝተባህሉዎ ከኣ ንናደው ቀበሩዎ። እቲ ርጉጥ ኣፍደገ ሳሕል ተኸፊቱ። እቲ ኣርሓ ኀቦ ናብ ጉልጎል ወሪዱ።

ኣብ ጉላጉል ሰምሃር ምስ ሓሸከት ታንክታት ተጉራቢቱን ኣብ ማያት ቀይሕ ባሕሪ ዘንሳፍፉ ዝነበራ መራኽብ ኩናት ተተርኢሱን ዝነበረ መግዛእታዊ ሰራዊት ምስ ሓጺነ መጺኡ ዘንድድ ስርሒት ፈንቅል ኣብ ወረቐትን ባይታን ምስኣል ተጀሚሩ። እዚ ስርሒት'ዚ ግን ካብቶም ቅድሚኡ ዝተኻየዱ ስርሒታት ብስፍሓቱ፡ ብዓይነቱን ብኣወዳድባኡን ዝተፈልየ ነበረ። ዋና ጸሓፊ ህ.ግ. ተጋዳላይ ኢሳይያስ ኣፍወርቂ ነቲ ብዝተፈላለያ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ዝወጽአ ውጥን መጥቃዕትን ኣተሓሕዛ ቦታኡንን ንምርኣይ ናብ ቅድመ ግንባር መጺኡ። ንኣዘዝቲ ክፍለ ሰራዊት 85፡ ኣብ ድሕሪት ዘይኮነስ ኣብ ናይ ስለያ ቦታ ረኺቡ ኣዘራረቦም። ክፍለ ሰራዊት 85 ኣዛዚኣ ስውእ ሜ/ጀ ገረዝግሄር ዓንደማርያም (ውጩ) ን ብ/ጀ ኣብርሃለይ ክፍለን እዮም። ብ/ጀ ስምኦን ዑቕበ፡ ብ/ጀ ሚኪኤል ሃንስ፡ ኮ/ል ዳንኤል ወረደ ከኣ ኣዘዝቲ ናይተን ሰለስተ ብርጌዳት። እቲ ኣሃዱ ንሰምሃር ኣብ ቅዲ ሑጻ ብፍጹም ልክዕነት ኣቐሚጡ ንዘዳለዎ ስእሊ ከኣ ኣርኣዩዎ። ምልእ ኣቢሎም ከኣ፡ "ብዘይ ቶኽሲ ኢና ዓዲ ዒላ ክንኣቱ፡" በሉዎ። "እሞ ኩናት ተወዲኡ፡" ከኣ በሎም።

ናብ መአዘዚ ቦታ ኣቲኻ ንእዚ ምብታን ኣዘዝቲ ህዝባዊ ሰራዊት



ኣጸቢቖም ዝፈልጡዎ ጥበብ'ዩ። ብቕድሚት ገጢምካ ምድርዓም፡ ብድሕሪት ተጠዊኻ ምጉባጥ፡ ናብ ማእከሉ ኣቲኻ ምዝራግ፡ ንዝህባዊ ሰራዊት ጸጊሙዎ ኣይፈልጥን። ኣብ ሓሙሻይ ወራር ብተጋዳላይ ፍሊፖስ ወልደዮውሃንስ ትምራሕ ዝነበረት በርጌድ 44፡ ነቲ ኩናት ዝልውጥ መደብ ሓንጸጸት። ኣብቲ ዓቢ እምባ መእደነ ነቕጡ ንመከላኸሊ ዕርዲ ህዝባዊ ሰራዊት ንምብሳዕ ዝካየድ ንዝነበረ መጥቃዕቲ ዘወሃህድ ዝነበረ ኮሎኔል ካሳ ገብረማርያም ሰሊኹካ ነቲ እዚ ምብታን። ነቲ ተልእኾ ዘወሰዱ ተጋደልቲ በሲያም ኣትዮም ንኮሎኔል ካሳ ገብረማርያም ብምቕታል ነቲ ኩናት ለወጡዎ።

ክፍለ ሰራዊት 85 ከም ሓሳቡ ከይተዋግአ ናብ ዓዲ ዒላ ኣትዩ ንጸላኢ ከም በርቂ ወደቖ። እቲ ርሱን ጓይላ ተጀመረ። እዝገን ቍጽጽርን ተበተነ። ወተሃደራትን ኣዘዝቱን በርገጉ። ብስንባደ ልቦም ስለ ዝሞለቑ መሃንኖም ጠፍኦም። ንወደባዊት ከተማ ባጽዕን መጋቢ መስመር ባጽዕ - ኣስመራን ክሕሉ ኣብ ጉላጉል ሰምሃር ምስ ታንክታቱ ዝዓረደ




በቲ መጥቃዕቲ መሃንኑ ጠፊኡ። ተደረብትን ትሕጃን ኣሃዱታት ምስ መካናይዝድ ብርጌዳት ደማሲሱ ሓደ መዓልቲ ከይኣኸለ ጽርግያ ባጽዕ -ኣስመራ በተኾ። ኣዘዝቲ ኩናት ደርግ ናይ ምውጋእ መንፈሶም ኣጥፍኦም ተዓንዱ። ሌ/ኮ ኣፍወርቂ ታከለ - ምክትል ኣዛዚ ናይ 6ይ ነበልባል ክፍለጦር - ተጋደልቲ ኣብ ዓዲ ዒለ ህሩግ ምስ በሉዎ ልቡ ብኣፍ ክትወጽእ ውትፍ ውትፍ በለቶ። ብስንባደ ጉሮሮኡ ስለ ዝተለኸተ፡ ተጋዲሉ 'ማንነው' በለ። ደቂ መሬት ኣብ መሬቶም "መን ኢኻ" ኢሉ ንዝሓቶም ክምልስሉ ግዜ ኣይነበሮምን። ልቡ ምስ ተመልሰት ግን ሓተቱዎ። ነቲ ሕልሚ ዝኾና ስርሒት ከኣ፡ "ኣብ ውግእ ዘሎኩም ቅልጣፈን ተዓጻጻፍነትን ንዓይ ካብ ዝገርመኒ ባህሪኹም እዩ። ሃንደበትን ውሕልነትን ናይቲ ውግእ ከኣ እዩ ንሰራዊትና ፋሕብትን ኣእትዩ መሃንኑ ዘጥፈኣሉ፡" ብምባል ናይ ልቡ ተዛረበ።

ኣብ ስርሒት ፈንቅል፡ 9 ኣጋር ብርጌዳትን ሰለስተ መካናይዝድ ብርጌዳትን ጸረ ታንክ ኣሃዱታትን፡ ከምኡ'ውን ልዕሊ 10 ፈጣናት ጀላቡ ዝዓጠቐ መጠነ ንኡስ ሓይሊ ባሕሪ ዘጠቓለለ ሓይሊ ህዝባዊ ሰራዊት'ዩ ተሳቲፉ። ብዓቕሚ ሰብ ከኣ ኣስታት 13,500 ተጋዳላይ ተሳቲፉ። በብእዋኑ ካብ ጸላኢ ዝተመንዝዓ 45 ታንክታት ከኣ ንዓቕሚ ቶኽሲ ተጋዳላይ ከደንፍዓ ተሳቲፈን። ምስ ናይ ጸላኢ ታንክታት ሓዊስካ 150 ታንክታት ንጉልጎል ሰምሃር ሓሪሰናኦ። ኣብ መወዳእታ ግን እቲ ብነበልባል፡ ዘርኣይ ደረስን ካልእ ኣስማትን ዝለለ ኣሃዱታት ደርግ ምስ ሓይሊ ባሕሩ ተደምሰሰ። ኣብ ዓዲ ዒለ ምስ ሰንበደ በርጊጉ ባጽዕ ዝኣተወ ወተሃደር ከኣ ዝገብሮ

ኣይነበሮን። እቲ ኣብ ዓዲ ዒለ ርእሱ ዝተጨፍለቐ ተመን ጉተት እናበለ ባጽዕ ኣትዩ። ባጽዕ ከኣ ንመዓልታት መአከቢ ስንቡዳት ወተሃደራት ደርግ ኮነት። ብ/ጀ ኣብርሃለይ ክፍለ፡ "ርእሱ ዝተጨፍለቐ ተመን ካልእ ነብሱ ጠንቀላዕላዕ እንተ በለ ኣይጓዳእን እዩ፡" ድዩ ዝበለ።

ህዝባዊ ሰራዊት በቲ ብ8 ለካቲት 1990 ዝጀመሮ ስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ኣስታት 1560 ትርብዒት ኪሎ ሜትር ዝሸፍን ባርዕ'ዩ ኣልዒሉ። ልዕሊ 25,000 ሰራዊት ምስ ሓይሊ ባሕሩ ከኣ ተሃሞኹ። ዕድለኛታት 8 ሽሕ ወተሃደራት፡ ካብኦም ከኣ 300 መኮንናት፡ ተማሪኾም። ክልተ ጀነራላት ከኣ'ባ። ምሩኽ ብ/ጀ ጥላሁን ክፍለ ኣዛዚ 606 ኮር፡ "ብዙሕ ውግኣት ርእየ እየ። ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ውትህድርና ስዕረት ዘጋጥመኒ ዘሎ ኣብዚ ግንባር'ዚ እዩ። ናይ ምውጋእ መንፈሰይ ዘጥፋእኩሉ ግንባር ስለ ዝኾነ ተንኪፉኒ፡" ክብል ተናዘዘ። ምሩኽ ብ/ጀ ዓሊ ሓጅ ዓብዱ ኣዛዚ 3ይ መካናይዝድ ክፍለ ጦር ከኣ፡ "ሰራዊትኩም




ቅልጡፍ ናይ ምጉዓዝ ክእለት ዘሎዎ፡ እቲ ዝፍጽሞ መጥቃዕቲ በቲ ዝነበሮ ቅልጣፈ፡ ኣተኣላልያ ኣዘዝቲ፡ ኣጠቓቕማ ከቢድ ብረት፡ ብሓቂ ብግቡእ ዝተወሃሃደን እኹል ልምምድ ዝተገብረሉን ምዃኑ ክምስክር እኽእል፡" በለ።

ብ1878 ራእሲ ወልደሚካኤል ሶሎሙን ንራእሲ ባርያኡ ኣብ ኣስመራ ገጢሙ ምስ ሰዓሮ፡ እቲ ከባቢ ብሬሳ ናይቲ ወራሪ ሰራዊት ምስ መልአ፡ "ጸጊብኪዶ ውኻርያ ዓዲ ሰጉዶ፡ ጸጊበ እወ ወልዱ ዝሓረዶ፡" ተባሂሉ ተደርፈ። ወተሃደራት ስርዓት ደርግ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ምስ ጠሓሉ እቲ ባሕሪ ብሬሳታት ስለ ዝመልአ፥

"ይምስክር ኣሎ ዓሳ

ተኸቢቡ ኣሎ ሬሳ

ክገልጽ ምስጋናኡ

ኣውሎ ንፋስ ሃዲኡ

ባሕሪ ጽጋብ ጉሲዑ

ኣለልዩ ዋና-ኡ...!"

ተባሂሉ ተደርፈ።

እቲ ንሽቶ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘቀላጠፈ፡ ከም ስሙ ንመግዛእታዊ ሓይሊ ካብ ሱሩ ዝፈንቀለ ስርሒት፡ ናጽነት ኤርትራ ንድሕሪት ከም ዘይምለስ ነቲ ተሪር ዝልቡ ስርዓት ደርግ ከይተረፈ መረዳእታ ሃበ። "ጉሮሮና ተሓኒቕና፡" ከኣ በለ። ተጋደልቲ ከኣ ደረፉ፥

እቲ ርሱን ጓይላ - ንሰምሃር ክትከላ

ብመሬት ብባሕሪ - መእተዊ ትሓሪ

ጭብጥ ንጥዋለት - ድቕድቕ ርእሲ ምድሪ

ዓጋቲ ዘይብልካ - ንኹሉ ትኣሊ

ፈንቅል ኢሎምኻየ

ፈንቅል ኣባዳህሪ ...!

ተጋዳላይ፡ በረኻ ዝወጽአ ብመን ሕራይ፡ ተጻዋራይ፡ መጻኢ ዕድልና ኣበሳራይ፡ ... እውን ተባሂልሉ እዩ። ኤርትራ ነቲ ብገዛእትን ዓብለልትን ዝተጻሕፈ ጽሕፍቶ ቀዲዱ፡ መጻኢ ጽሕፍቶ ናይ ሃገሩ ዝጽሕፍ ጅግና ወለዶ ኣፍርያ። ኤርትራ ናይ ኤርትራውያን፡ ኤርትራውያን ከኣ ናይ ኤርትራ ኮይንና። ፈንቅል ንመግዛእቲ ዝፈንቀለ ስርሒት ጥራይ ኣይኮነን፣ ንኤርትራን ኤርትራውያንን ዝተኸለ ስርሒት እዩ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቶ ብርሃ ርእሶም ሃብታይ፡ ኣቦና ርእሶም ሃብታይ ዓንደሚካኤል ስለዝሞረ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ 1 ተተካኢ. ጥራይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሻሹ ሃብተእዝጊ ሓምባር፡ ብዓል ቤተይ ዞሚካኤል ዘወልዲ ጊላእዝጊ ስለዝሞረ፡ ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቕና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቑ.49 ይቕረብ፡፡

ማርያ የሻርጌ ስም ብዓል ቤተይ ኻፍ/ ፐፒኖ ጴጥሮስ ብርጋንቲ ምባል ተረፉ፡ ጃኮሞ ብረጋንቲ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቑ.49 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኤርትራ ተስፉይ ሃብቶም፡ ብዓል ቤተይ ካፒተን ተኽለብርሃን እስጢፋኖስ ኣርኣያ ስለዝሞረ፡ ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቕና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣዜብ ኣባይ ዓንደሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ መሓሪ ጋርዛ ተስፋጼን ስለዝሞረ፡ ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቕና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቑ.49 ይቕረብ፡፡

ሳምሶን ፍስሃ ተፈራ ስም ኣደይ ኣምለሱ ፍስሃ ተፈሪ ምባል ተረፉ፡ ለተንገስ ብርሃ ሓጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቑ.49 ይቕረብ፡፡

ሚሮን ተወልደብርሃን፡ ኣደይ ግዜ ኣበበ ኣስፍሃ ስለዝሞረት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ቑ.47 ይቕረብ፡፡

ጣና ተኽለዝጊ ሃይለ ምባል ተረፉ፡ ጣና ተስፋልደት ግርማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ፡፡

ተኽሊት ስለሙን ወልደሰላሴ፡ ኣደይ ሓዳስ ሰመረኣብ ወልደገርግሽ ስለዝሞረት፡ ኣነ ጥራይ ወረሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ፡፡

ሳምሶም ሃብተጸየን፡ ኣቦና ሃብተጸየን መሓሪ፡ ንዓይ ምስ 3 ኣሕዋተይ ብለበዋ ዘውረሰና ክጸድቀለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 11/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ፡፡

ኣለማሽ ዝብረእግዚኣብሄር ደረሰ፡ ብዓል ቤተይ ክፍለማርያም ዑቕባዝጊ ወልደጋብር ስለዝሞረ፡ ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቕና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሳባ ትካቦ ዝብረየውሃንስ፡ ብዓል ቤተይ ግርማይ ዝብረመስቀል ዘርእማርያም ስለዝሞረ. ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቕና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቑ.47 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኑብያት ሃንስ ወልደዝብርኤል ምባል ተረፉ፡ ኑብያት ሃንስ ወልደኣብእዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ፡፡

ሩት ሃብቶም ቴድሮስ ምባል ተረፉ፡ ሩታ ሃብቶም ቴድሮስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ምሕረት የማነ ወልዱ፡ ኣደይ ኣስመረት ሃይለሚካኤል ብኢዱ ስለዝሞረት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይን 8 ተተካእቲ ደቂ መውትቲ ኣሕዋተይን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ፡፡

ክብሮም ሃብተ ተስፋማርያም፡ ሓፍተይ ኣለም ሃብተ ተስፋማርያም ስለዝሞረት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ናይ ሓፍትና ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቑ.49 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ለተብርሃን ዝብረመድህን ባህታ፡ ኣደይ ኣሙት ዝብረእግዚኣብሄር ተስፋልደት ስለዝሞረት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ቑ.47 ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ይግባዕለቲ ወረ/ፍ መብረሂቱ ተኽለኣብ ቀረን 1.ሰለሞዊት መብረሂቱ ተኽለኣብ +1 መ/ወሃብቲ ወረ/ፍ መብረሂቱ ተኽለኣብ ቀረን፡ 1.ትዕግስቲ መብረሂቱ ተኽለኣብ +3 ዘሎ ናይ ወህብቶ ክርክር፡ መ/ወሃብቲ 3.ኤደን መብረሂቱ ተኽለኣብ 4.ኤልሳ መብረሂቱ ተኽለኣብ፡ ኣድራሻኽን ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕክን ን11/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቑ.37 ቅረባ፡ እንተዘይቀሪብክን ጉዳይክን ኣብ ዘየለኽናሉ ክረአ ምኻኑ ፍለጣ፡፡

ሰሚራ ቴድሮስ ዝብረሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ሰሚራ ቴድሮስ ጊላሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋቢያ ቑ.32 ይቕረብ፡፡

ኣቶ መሴ የሃንስ በራኺ፡ ብዓልቲ ቤተይ ንግስቲ ኣወዓሎም ህብትየስ ስለዝሞረት፡ ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቕና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ፡፡

ትዕበ ኪዳን ኣድሓኖም፡ ብዓል ቤተይ ወልደጋብር ፍቕረ ኣልመዳይ ስለዝሞረ፡ ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቕና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ፡፡

ትርሓስ ሓጎስ ተድላ፡ ኣደይ ኣኽበረት ጋይም ስለዝሞረት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

የሳን ኣርኣያ ዓብ ምባል ተረፉ፡ የሳን ኣርኣያ የዕበዮ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሓዳስ ተኽለ ዝብረኪዳን፡ ስም ኣደይ ለተእዝጊ ዝብረማርያም ምባል ተረፉ፡ ለተእዝጊ ዝብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳብሪና ኪዳነ ሓጎስ፡ ስም ኣደይ ኣስመረት ኪዳነ ምባል ተረፉ፡ ኣስመረት ተስፋይ ኒጋሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኣቶ ኣድማስ ወልደሚካኤል ወልደኣምላኽ፡ ኣዴና ለተንገስ ተኽሰተ ካሕሳይ ስለዝሞረት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ከባቢ ዚፕ/ ኮድ ማ/ከትማ 1A176 ጎደና ሰኪይቲ፡ ቁጽሪ ገዛ 21A ፕሎት 43 ቁ.ፓርሰል/ዞን ASP00021340 ፓርሰል 11፣ ስፍሓት መሬት 645.87 ት/ሜ ዘለዎ፡ ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1፡007982 ብስም ሒሴን ዐቤድ +6 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ብጽሒትና ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ/ሃ/ካዳስተርን የቕርብ፡፡ ዝቃወም እንተዘየለ ግን ናብ ስምና ክመሓላለፍ ምኻንና ንሕብር፡፡

ወኪል ኣቶ ቴድሮስ እዮብ

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ከባቢ ዚፕ/ ኮድ ዕዳጋ ሓሙስ 1A117 ጎደና ኣፍዓበት፡ ቁጽሪ ገዛ 250 ፕሎት 63 ቁ.ፓርሰል/ዞን ASP00039797 ፓርሰል A፣ ስፍሓት መሬት 2804 ት/ሜ ዘለዎ፡ ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1BRASM013327/0 ብስም ሒሴን ዐቤድ +12 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ብጽሒትና ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ/ሃ/ካዳስተርን የቕርብ፡፡ ዝቃወም እንተዘየለ ግን ናብ ስምና ክመሓላለፍ ምኻንና ንሕብር፡፡

ወኪል ኣቶ ቴድሮስ እዮብ

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ከባቢ ዚፕ/ ኮድ ዕዳጋ ሓሙስ 1A117 ጎደና 117-15 ቁጽሪ ገዛ 10 ፕሎት 63 ቁ. ፓርሰል/ዞን ASP00039795 ፓርሰል A1፣ ስፍሓት መሬት 601.46 ት/ሜ ዘለዎ፡ ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1፡004211/2 ብስም ሳልማ ዓውድ ሳልም+7 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ብጽሒትና ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ/ሃ/ካዳስተርን የቕርብ፡፡ ዝቃወም እንተዘየለ ግን ናብ ስምና ክመሓላለፍ ምኻንና ንሕብር፡፡

ወኪል ኣቶ ቴድሮስ እዮብ

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ከባቢ ዚፕ/ ኮድ ማ/ከተማ 1A176 ጎደና ባረንቱ፡ ቁጽሪ ገዛ 5፣ ፕሎት 35R ቁ.ፓርሰል/ዞን ASP00032374 ፓርሰል A፣ ስፍሓት መሬት 1506.75 ት/ሜ ዘለዎ፡ ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1፡005475/ ብስም ሒሴን ዐቤድ +12 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ብጽሒትና ናብ ስም ወረስቲ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ/ሃ/ካዳስተርን የቕርብ፡፡ ዝቃወም እንተዘየለ ግን ናብ ስምና ክመሓላለፍ ምኻንና ንሕብር፡፡

ወኪል ኣቶ ቴድሮስ እዮብ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማከል ኣስመራ

ኣድያም ሃደለ ካሶግዩ፡ ኣቦይ ሃደለ ካሶግይ ተሰፋይ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ደረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሳባ ኪዳ ይልሙ፡ ኣቦና ኪዳ ይልማ ሃብተሚካኤል ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ዳዊት የሴፍ ጉብረገርግሽ፡ ኣቦይ የሴፍ ጉብረገርግሽ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ደረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣለም ተወልደመድህን፡ 3 ኣሕዋተይ ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ወራሲት ምኻነይ ደረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ትብለጽ ወለዩ ጉብረሂወት፡ ብዓል ቤተይ ቀሺ ወረደ ጉብረመስቀል ጉብረታትዮስ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

የውሃንስ መለስ ተኽለ ምባል ተረፉ፡ ሄርሞን መለስ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ያቆብ ለባሲ ተስፋይ ምባል ተረፉ፡ ናኤብ ለባሲ ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ተኽለ ደብሳይ ዑቕበ፡ ኣቦይ ደብሳይ ዑቕበ ስለዝዋረፈ፡ 3 ደቁ ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ቴድሮስ መንከ ፍትዊ፡ ወለደይ መንከ ፍትዊ ተጠምቀን እዝግሄርያ ኣለሞ ኣስፍሃን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ደረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ክብሮም ገዙ ሃደሉ፡ ኣዴና ወ/ሮ ሚዛን ኣረፋይነ ጉብረኣምላኽ ስለዝዋረፈት፡ ንሕና 3 ደቃ ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ኣንገሶም የውሃንስ መዓሾ፡ ኣቦይ የውሃንስ መዓሾ ዘጾ ስለዝዘተሰወኦ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ደረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

መሓመድ ዓሊ ሰዒድ ምባል ተረፉ፡ መሓመድ ዓሊሰዒድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ምም/ን/ዞባ 4 ኣስመራ (ከባቢ ገዛ ከኒሻ) ብስም ወረ/ፈተ ተድላ ተሰፋትን ወ/ሮ ኣሙት ኣውዓለምን ነ/ሄር ምብራቕ ተድላ +11 ዝፍለጥ ብዮገዚያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ቁምስክር ወረቐት 111397 መወከሲ ቁጽሪ 106938/133104 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብውርሲ ንረኽቦ ኦርጂናል ሊብሬቶ ስለ ዝጠፈኣና፡ ብዕዳ ሓዚዮ ኣለኹ ወይ ረኺቡ ዝበል እንተሎ፡ በዚ ቁ.ቴሌ 07278738 ክትሕብሩና፤ እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት መተካእታኡ ክወሃበና ምኻኑ ኣፍልጥ፡፡

ነፍ/ር ምብራቕ ተድላ
ወራሲ ኣማን መሓሪ

---

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ዓይነት ጨረታ፡- መካይን ምሕጻብ (Lavajo)፡ ብኮ ጎማ ምጽጋን
ኣሃዱ፡- ማእከላይ ቤ/ጽ ሚ/ጥዕና
ኣርእስቲ ውዕል፡- ዓመታዊ ተሸከርከርቲ ምሕጻብ፡ ብኮ ጎማ ምጽጋን
ዓይነት ጨረታ፡- ሃገራዊ ክፉት ጨረታ

ማእከላይ ቤ/ጽ ሚ/ጥዕና ንዓመተ ን2026 ዓ.ም ን2027 ዓ/ም ካብ ወርሒ 01/01/2026 ክሳብ 31/12/2027 ኣብ ዞባ ማእከል ንዝርከብ ትካላት ጥዕና ዓብይትን ንኣሽቱን ተሽከርከርቲ (መካይን ንክልተ ዓመት ኣማራጺ) ተሽከርከርቲ ከሕጸብን ብኮ ጎማ ከጽግንን ስለ ዝደለየ፡ ብቑዓትን ሕጋውያንን ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

ተወዳደርቲ ክማልእዎም ዘለዎም ነጥብታት፡-

1. ሚ/ጥዕና ንሕጋውያን ኣቕረብቲ፡ ዋጋታት ትምሕጻብ ተሽከርከርትን ምጽጋን ብኮ ጎማን ብዕሸግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ምሕጻብ ተሽከርከርትን ምጽጋን ብኮ ጎማን ክፉት እዩ፡፡
3. ተጫረትቲ ናይ 2024 ዓ.ም ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲን ናይ 2024 ግብሪ ከምዝኸፈሉን ካብ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር መረድኢ ሰነድን ፎቶ ኮፒ መንነትን ከቕርቡ ይግባእ፡፡
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ጥዕና (የሴፍ ስዩም ቁ.ቴሌ 125312 ናይ ጨረታ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ክፈሉም ክወስዱ ይግባእ፡፡
6. ጨረታ ኣብ'ዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ፡ ዕለት 18/02/2006 ሰዓት 9:45 ቅ/ቀ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንጕዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፣ ተጫረትቲ ሕጋውያን ወኪልቲን ክሳተፉ ዝደሊ ስብ፤ ስነስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘብ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤ/ጽ ሚ/ጥዕና ቁጽሪ 36 ይኣቱ፡፡ ዕለት 18/02/2026 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት፡፡
7. መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ ናይ መካይን ምሕጻብ (Lavajo)፡ 10,000.00 ናቕፋ ብሰፒኦ (CPO) ከትሕዙ ይግባእ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ፡፡
9. ሚ/ጥዕና ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ማእከላይ ቤ/ጽሕፈት ሚ/ጥዕና
ጨ/ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ጥዕና ቁጽሪ ቴሌፎን 125312
ምምሕዳር ጸጸራት ጎደና ደንደን፡ ቁ.ሳ.ፖ 212 ኤርትራ ኣስመራ

---

ብስም ኣለን ብርሃ ክፍለማርያም (ወኪል) ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00044008 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ማይ ላም-113 ቁ.ገዛ 17 ዝርከብ ናይ መከፋፈሊ ናይ መሸጣ ኮንን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሳባ ጉብረስላሴ እዝጊሓሪሽ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና 112-2 ቁ.ገዛ 03 ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓወሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ኣለን ብርሃ ክፍለማርያም (ወኪል)

---

ብስም ኣለን ብርሃ ክፍለማርያም (ወኪል) ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00044009 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ማይ ላም-113 ቁ.ገዛ 19 ዝርከብ ናይ ኤሌትሮኒክስ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ዊንታ ሃደለ ዑቕበ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና 119-1 ቁ.ገዛ 27 ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓወሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ኣለን ብርሃ ክፍለማርያም

---

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ጥዕና ብስራሕ ምኽንያት፡ ብመንገዲ ናብ ወጻኢ ሃገር ንዝኸዱ ኣባላቱ፡ተሓጋገዚቲ ሚ/ጥዕና ወጻእተኛታትን ናይ ኣየር ትኬት ኮሳ ምስኡ ዝተኣሳሰር ስራሕ ንምስላጥ ንዓመተ 2026 ካብ ወርሒ 01/01/2026 ክሳብ 31/12/2026 ኣገልግሎት ዝውሃብ ናይ ኣየር ወኪል ጉዕዞ ሕጋውያን ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

ተጫረትቲ ክማልእዎም ዘለዎም ነጥብታት፡-

1. ሚ/ጥዕና ንሕጋውያን ምስላጥ ወኪል ጉዕዞ ዋጋታት ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ፡፡
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን፡ ናይ ዓመተ 2024 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር፡ መንነት የቕርቡ፡፡
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ጥዕና (የሴፍ ስዩም ቁ.ቴሌ 125312 ናይ ጨረታ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ክፈሉም ክወስዱ ይግባእ፡፡
6. ጨረታ ኣብ'ዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ፡ ዕለት 18/02/2006 ሰዓት 9:45 ቅ/ቀ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንጕዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፡ ተጫረትቲ ሕጋውያን ወኪልቲን ክሳተፉ ዝደሊ ስብ፤ ስነስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ንኽዕዘብ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤ/ጽ ሚ/ጥዕና ቁጽሪ 36 ይኣቱ፡፡ ዕለት 18/02/2026 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት፡፡
7. መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ ናይ ምስላጥ 10,000.00 ናቕፋ ብሰፒኦ CPO ከትሕዙ ይግባእ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ፡፡
9. ተጫራቲ ናይ ዝተፈላለየ ሃገራት ዝግበር ጉዕዞ ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ኣለዎ፡፡
10. ሚ/ጥዕና ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ማእከላይ ቤ/ጽሕፈት ሚ/ጥዕና
ጨ/ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ጥዕና
ምምሕዳር ጸጸራት ጎደና ደንደን፡ ቁ.ሳ.ፖ 212 ኤርትራ ኣስመራ
ቁጽሪ ቴሌፎን 125312

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ት/ዕድመ እፍረት ፊልጶስ ብርሃ ምግልል ተረፉ፡ ኤፍራታ ፊልጶስ ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ እምባደርሆ

ዓወት ጉብራይ፡ ስም ኣደይ ምሕረት ዞርያስ ምግልል ተረፉ፡ መሓሪትየ ዞርያስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ፍረወይኒ ቃልኣብ ረድኢ ምግልል ተረፉ፡ መርሃዊት ቃልኣብ ረድኢ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ሰለማዊት ቃልኣብ ረድኢ ምግልል ተረፉ፡ ሰላም ቃልኣብ ረድኢ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

እዮብ በሪት እድሪስ ምግልል ተረፉ፡ እዮብ ደብሪት እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ወርሃት ስዩም ህዳድ ምግልል ተረፉ፡ ወርሒት ስዩም ህዳድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተስፉምኃኤል ሰመረኣብ ወልደኣብ፡ ስም ኣደይ ኣብስራ ኣልኣዛር ገላዝጊ ምግልል ተረፉ፡ ሳራ ኣልኣዛር ገላዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ፋኑስ ጺጋይ ሹማይ፡ ብዓል ቤተይ ሽሻይ ኣብርሃ ክብርኣብ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳኖም ደረጋገጸሉም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ከሰተ መርሃጼን ገብረማርያም፡ ኣዴና ዘፋን ዓንደሚካኤል ዘወልዲ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ዑቕባማርያም በረኸት ማስፍን ምግልል ተረፉ፡ ሳምራዊት በረኸት ማስፍን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ለኣላ ወልደስላሰ፡ ጓልና ፋኑስ ርእሶም ሃብተ ስለዝዓረፈት፡ ንሕና ወለዳ ለኣላ ወልደስላሴን ኣቶ ርእሶም ሃብተ ገብረስላሴን ሕጋውያን ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መቓርካ

በሸር ተስፉይ ኣልመደም፡ ሓፍተይ እሙና ተስፉይ ኣልመደም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ሓበን ግርማይ፡ ተኸሳሲ ደስበለ ጺጋይ ማስገኡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን1/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓልሓል

ኣሕመድ መሓመድ እድሪስ ምግልል ተረፉ፡ ኣሕመድ መሓመድእድሪስ ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሸዕብ

መሓመድ ሐሰን መሓመድ ምግልል ተረፉ፡ ማሕሙድ ሐሰን ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ብ/ስብ/ማሰል1ወ/ት ሰልማና መድሃኔ ባህታ 2.ኣቶ ሚሮን መድሃኔ ባህታ፡ ካብ ኣቦና መድሃኔ ባህታ ዑቕባሃንስ ብውርሲ ዝረኸብናዮ ንብረት፡ መዋቲ ዝኾነ ምስ ብፍ/ብዓልቲ ዕዳ ወ/ሮ የርዳኖስ ሃብተማርያም መሓሪ ምቕሊት ክፃበረልና ስለዝደለና፡ እዞም ወረ/ኩ መድሃኔ ባህታ ዑቕባሃንስ ዝኾኑ ተጻዋዕቲ ኣሕዋትና 1.ወ/ት ሓበን መድሃኔ ባህታ 2.ኣቶ ያሬድ መድሃኔ ባህታ 3.ኣቶ ቤንሀር መድሃኔ ባህታ 4.ኣቶ ሚካኤል መድሃኔ ባህታ 5.ወ/ሮ ሮዛ መድሃኔ ባህታ 6.ኣቶ የሴፍ መድሃኔ ባህታ ኣድራሻኦም ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቡ፡፡

ኣቶ ረዳኢት ሳሚኤል ሃብቱ፡ ዝተፈቕደሎም ማሸጥን መዐረይን ብሽክሌታ ንግዳዊ ትካሎም፡ "ፋሚሊ ማሸጥን መዔረይን ብሽክሌታ" (FAMILY REPAIR & RETAIL BICYCLES) ተባሂሉ ክጽዋዕ ስለ ዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ወሸጣዊ ንግዲ

ወ/ሮ ናርዶስ ኣለነ ካሱ፡ ዝተፈቕደለን ናይ ኤሌክትሮኒክስ ንግዳዊ ትካለን፡ "ኤፍራታ ሓፈሻዊ ኤለክትሮኒክስ" (EFRATA GENERAL ELECTRONICS) ተባሂሉ ክጽዋዕ ስለ ዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ወሸጣዊ ንግዲ

ወረስቲ ነፍ/ደግያት በራኺ ህብትዝጊን ወረስቲ ነፍ/ዘፋን ሰቛር ባሕሮን፡ ኣብ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ብደብብ ምስ ጎደና 171-81 ብምብራቕ ምስ ጎደና 171-7 ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብሓፈሻዊ መዝገብ ንብረት 41305 ብመለለዩ መዝገብ ንብረት 27963 ዝተመዝገበ፡ ኣብ ዞን A (ኤይ) ፕሎት ቁጽሪ 32 ኣብ 448.40 ት/ሜትር ዝተደኮነ ቪላ ምስ ሰርቪስ ዝርከብ ብውርሲ ዝበጽሓና ገዛ ምትሕልላፍ ስም ዋንነት ናብ ወረስቲ ክግበር ስለዝኾነ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ግዜ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ቤት-ጽሕፈት ካዳስተርን ቀሪቡ ክፍልጥ ንጽውዕ፡፡

ወኪል ሰድራቤት
ወ/ሮ ኑብያት ብርሃ

## ምልክታ ጨረታ

ናይ ፖሊስ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ዋንነት ዝኾነ ናይ ኣየር ኮንድሽን 65 ቬንትሌተር 90 ፍርጅ 13 ሞንን ናይ ኤለትሪክ 15 ምድጃ ናይ ኤለትሪክ 15፣ ብኩንትራት ንሓደ ዓመት ዝጸንሕ ዝጽግናን መቀያየሪ ኣቑሑት ክቕርባ ዝኽእላን ትካላት ኣውዳዲሩ ክጽግን ስለዝደለየ፡ ዚ ዝስዕብ ረቛሒታት ከማልኡ ዝኽእሉ ተጫረትቲ ይዕድም፡፡
ተጫረትቲ ናይ 2025 ዓ.ም ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ምስ 2025 ዓ.ም ክሊራንስን መንነትን የቕርቡ

1. መረጋገጺ ምስክር ብቕዓት ካብ ቅድሚ ሕጂ ዘገልገሉም ትካላት ከቕርብ ዝኽእል፡፡
2. ንብረት ከም ዝተበላሸወ፡ ሓበሬታ ምስ በጽሖ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልታት ጸጊኑ ዘረክብ
3. ጽገና ዘካይድ ትካል ምሉእ መቀያየሪ ኣቑሑት ከቕርብ ዝኽእል፡፡
4. ብዝርዝር ናይ ዝቐርብ መቀያየሪ ኣቑሑት ብፍሉጥን ንሓደ ዓመት ዘይቅየርን ዋጋ ዘቕርብ፡፡
5. ኣብ ዞባታት ወኪል ጽገና እንተሎ ተመራጺ ስለዝኾነ የቕርብ፡፡
6. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን20 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ኣብታ ትቐጽል ዕለት ሰዓት 9:00 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት፡፡
7. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ብቑጽሪ ቴሌፎን 552757 ክወክሱ ይኽእሉ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘፍቅዶ መሰረት ይካየድ፡፡
9. ፖሊስ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ክሰርዞ ማሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ፖሊስ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ባጽዕ

## ምልክታ ጨረታ

ናይ ፖሊስ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ዋንነት ዝኾነ ናይ ኣየር ኮንድሽን 52 ቬንትሌተር 92 ፍርጅ 9፣ ብኩንትራት ንሓደ ዓመት ዝጸንሕ ዝጽግናን መቀያየሪ ኣቑሑት ክቕርባ ዝኽእላን ትካላት ኣውዳዲሩ ክጽግን ስለዝደለየ፡ ዚ ዝስዕብ ረቛሒታት ከማልኡ ዝኽእሉ ተጫረትቲ ይዕድም፡፡
ተጫረትቲ ናይ 2025 ዓ.ም ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ምስ 2025 ዓ.ም ክሊራንስን መንነትን የቕርቡ

1. መረጋገጺ ምስክር ብቕዓት ካብ ቅድሚ ሕጂ ዘገልገሉም ትካላት ከቕርብ ዝኽእል፡፡
2. ንብረት ከም ዝተበላሸወ፡ ሓበሬታ ምስ በጽሖ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልታት ጸጊኑ ዘረክብ፡፡
3. ጽገና ዘካይድ ትካል፡ ምሉእ መቀያየሪ ኣቑሑት ከቕርብ ዝኽእል፡፡
4. ብዝርዝር ናይ ዝቐርብ መቀያየሪ ኣቑሑት ብፍሉጥን ንሓደ ዓመት ዘይቅየርን ዋጋ ዘቕርብ፡፡
5. ኣብ ዞባታት ወኪል ጽገና እንተሎ ተመራጺ ስለዝኾነ የቕርብ፡፡
6. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን20 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ኣብታ ትቕጽል ዕለት ሰዓት 9:00 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት፡፡
7. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ብቑጽሪ ቴሌፎን 661148 ክወክሱ ይኽእሉ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘፍቅዶ መሰረት ይካየድ፡፡
9. ፖሊስ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ክሰርዞ ማሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ፖሊስ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ዓሰብ

# ወግዒ ታሪኽ
## ፈንቅል - ቅያ ኣናብስ

ግርማይ ወልደጊዮርጊስ (መንከረኖ)

(መበል 16 ክፋል)

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ሰንጋል፡ ኣዛዚ ቦጦሎኒ 04 ሚኪኤል ወሎ ብዝሃቦ መምርሒ መሰረት፡ ነቲ ዝተዋህቦ በዓሊ ዕማም ከተግብሩ ይኽእሉ'የም ዝበሎም መራሕቲ መሳርዕን ጋንታታን ዝርከብዎም ደቂተባዕትዮን ደቂኣንስትዮን 60 ተጋደልቲ ከምዝሓረየ ኣንቢብና።

### ስርሒት ዲ-ደይ ላንዲንግ ምስ ስርሒት ፈንቅል

ድሕሪ'ዚ ሰለስተ ፈጣናት ጀላቡ ተመራሪሖን ናብቲ ብዓል ሰንጋል ዘለዉዎ ቦታ ተጸግዓ። ሰንጋል "ተሰርዑ" ዝብል ትእዛዝ ድሕሪ ምሃቡ ክፈቕዶም ጀመረ። ብዘይካኡ 62 ተጋደልቲ ነበሩ። እተን ንኣሽቱ ጀላቡ ክሰከምኦም ዝኽእላ ን60 ጥራይ እየን። ሰንጋል እቲ ቁጽሪ ከመይ ኢሉ ዛዩዱ ከረጋግጽ ኣብ ዝፈተነሉ፡ ክልተ ብጾት ብበጠበጥን ብቐጣቒጥን ተሓቢኦም ምጽንባሮም ኣረጋገጸ። እዞም ክልተ ብጾት "ካብኹም ኣይንተርፍን ኢና" ብምባል ተማጕቱዎ። ኣብቲ ወሳኒ ናይ ንቕል-ንቕል ሰዓት ክንብራ ዝኽእል ነገር እንተነይሩ፡ ኣሰርካ ከምዝምለሱ ምግባር'ዩ ነይሩ።

ኑቶም ዘወርቲ ጀላቡ ጠርኒፉ ዝመጽአ ተጋዳላይ ብዝሃቦም መምርሒ መሰረት፡ ሰንጋል ኣባላቱ ቡብ20 ናብ ሰለስተ ጀላቡ መደቦም። እተን ጀላቡ ንፈተነ ኣብቲ ከባቢ ምንቅስቓስ ጀመራ። እቶም ዘወርቲ ጀላቡ - ክጥወያን ክንቃዕርራን እንከለዋ፡ ምንቅስቓስ ናይቶም ተጋደልቲ ከመይ ይመስልን ከመይ ክኸውን ይግባእን ኑቶም ተጋደልቲ መሃሩዎምን ኣረድኡዎምን።

ብድሕሪ'ዚ ኣብ ምንቅስቓስ ጸገም ከይፈጥር፡ ናይቶም ነዊሕ ስረ ወደዮም ዝነበሩ ተጋደልቲ ስረታት ከምዝቑረጽ ተገብረ። እጅገ ናይ ካምቻታትን ጃኬታትን እውን ይቐረጽ ተባህለ። ሸዳውን ኣብ ባሕሪ ከም ገለ ከይሞልቑ ብገመድ ወይ ከኣ ብፋሻ ናይ ሕክምና ገይርካ ከረው ኣቢልካ ከምዝእሰር ተገብረ።

እቶም ተጋደልቲ ዕጥቂ ካላሽናት፡ ኣርፒጂን ብብዝሒ ቦምባ ኢድን ከምዝዓጥቁ ተገብረ። እዚ እናተገብረ ሰዓት ሓሙሽተ ድሕሪ ቀትሪ ኮነ። ከምቲ ኣቐዲሙ ኣብ ናይ ሲጋለት ቀጣን ስርሒት፡ ኣባላት ስሊያ ክፍለ-ሰራዊት 70 ዝተገልጸ፡ ከቢድ ብረት ህዝባዊ ግንባር ካብ ዝኣሰ ክሳብ'ቲ ዝዓበየን ኣሎ ዝበሃል ረሻሻትን ናብቲ ጸላኢ ዓሪዱሉ ዝነበረ ወሰናስን ባሕሪ ብኩሉ መኣዝን ከም ማይ ሓምለ ክዘንብ ጀመረ። ነዚ ደብዓብ ዓይነ ሰም ኣቢሉ ኣብ ዘለዎ ኮይኑ ዝጻወር ፍጡር ክርከብ ዘይሕሰብ መሰለ። ከም እሳተጎመራ እቲ ክተፍእ እቲ ይጠፍእ፡ እቲ ክጠፍእ ድማ እቲ ይኑቱግ ነበረ። ብኣጠቓላሊ ውሽጢ ባጽዕን ወደብን ብዕንብረ ትኪ ተጐብአ።

ኣብ ኢድ ሰንጋል ዝነበረት ሰዓት ልክዕ ሰዓት ሽዱሽተ ተመልክት ነበረት። ሰንጋል ኑቶም ናብዚ መጥቃዕቲ'ዚ ዝተሓርዩ ሰሪዑ፡ "ስምዑ! ነዚ ስርሒት'ዚ ዝተመረጽናሉ ምኽንያት፡ ነዚ ወጢሩ ሒዙና ዘሎ ኩነታት ብናይ ሞትን ህይወትን ውግእ ክንፈትሖ ምዃንና ስለ ዝተኣምነልና'ዩ። ክንዲ ዝኾነ ከም ናይ 1977 ብሰሪ ንእሽቶ ዕንቅፋት፡ ንድሕሪት ከይንምለስ ምእንቲ፡ ካብቲ ኣብ ውግእ ኢትዮጵያ (ኣሶሳ) ከምኡ'ውን ኣብዚ ዝቐጸለ ናይ ጎላጉል ውግእ ዘርኣናዮ ትብዓትን ተወፋይነትን ንላዕሊ ሓላፍነት ዘሰክመና እዩ። ስለዚ ክሳብ መሬት መንከሲ ንሕዝ፡ ሓደ ሰብ ተወጊኡ፡ ተሰዊኡ ወይ ወዲቑ ኢልካ ናብኡ ምቑማት የለን። ምኽንያቱ ዝገበርና ገይርና ናብዛ ወደብ ዘእቱ መታኸሲ መሬት ክንሕዝ ኣለና። ነዚ ምስ ገበርና እግሪ እግርና ካልኦት ሓይልታት ክስዕባና እየን፡ ድሕሪኡ ሸግር እንተሎ ይኹን ብጸቢኡ ዓወት ናይ ሓባር እዩ ክኸውን፡ ንሕና ግን ዕዮ ገዛና ብትብዓት ንፈጽም!" ክብል ብተሪር ናይ ትብዓትን ቀራጽነትን ቃላት ዘረባኡ ደምደመ።

ኣብዚ ናይ ተበገስ ሰዓት፡ ብሰሪ ምስ ጸላኢ ዝነበረ ቀርበት፡ ከም ኣብ ካልእ እዋን ዝግበር "ዓወት ንሓፋሽ!" ብዘይ ኣፍልጦ ነዘን ጀላቡ ብጎድኒ ክሃርመን (friendly fire) ጀመረ። ሰንጋል ቅጽበታዊ ውሳነ ብምውሳድ ጀላቡ ንክምለሳ ኣዘዘ። ንሓላፊኡ ሚኪኤል ወሎ ድማ ብሰሪ ብጎድኒ ዝመጽአ ተኹሲ ረሻሻት ይምለስ ከምዘሎ ሓበሮ። ወሎ ንልዕሊኡ ዝነበረ ሓላፊ ብጻይ ፍሊጶስ ሓበረ። ብጻይ ፍሊጶስ ድማ ምስ ወዲ ስኞራ ብምርድዳእ እቲ ተኹሲ ረሻሻት፡ ናብ ካልእ መኣዝኑ ከም ዝቕንዕ ገበሮ።

ሚኪኤል ወሎ ነቲ ኣብ መስመር ኮይኑ ዝጽበዮ ዝነበረ ሰንጋል፡ ብረድዮ እቲ ሸግር ከም ዝተፈትሐን ጉዕዞኡ ክቕጽል ከምዝኽእልን ገለጸሉ። እንደገና ጀላቡ ተገዲመን ተበገሳ። ኩሎም ተጋደልቲ ምድሪ ከይሓዙ መጥቃዕቲ ከይፍነዎም'ሞ፡ ኣብ ባሕሪ ጥሒሎም፡ ድራር ዓሳ ከይኮኑ፡ ውሽጣዊ ሻቕሎት ነበሮም። በዚ ድማ እቲ ናይ ሒደት ደቓይቕ ጉዕዞ፡ ጉዕዞ ሓደ ዘመን ኮይኑ ተሰምዖም። ቀልጢፍካ መሬት እትረግጸሉ ቦታ ንምብጻሕ ተመነዩ። ባሕሪ ከም ደግዳግ የማነ ጸጋም'ኳ እንተተዋገዎም፡ ከምታ ዝተባህሉዋ ገጥ ኢሉም ምባልን ባህታኻ ምግላጽን ኣይከበረን። እቶም ናብዚ ፍሉይ ስርሒት ዝተመደቡ ተጋደልቲ ዝተዋህቦም ሓበሬታ ስኢቖም፡ ሰንጋል ዘማእከለን ሰለስተ ጀላቡ፡ ኣብ ክንዲ ብትኹል ብጋድም ተበገሳ። ሰንጋልን 20 ተጋደልትን ዝሓዘት ፈጣን ጃልባ ድማ ኣብ ማእከል ኮነት። ዳርጋ ኩሎም'ቶም ናብዚ መጥቃዕቲ'ዚ ዝተበገሱ ተጋደልቲ፡ ኢጋጣሚ ኮይኑ ካብ ዝተፈላለዩ ብሄርን ጾታን እዮም ነይሮም። ባሕሪ ዝፈልጡ'ኳ እንተ ዘይነበሩዎም ኣብ ዕቋር ማይ ዓዶም ምሕንባስ ዝተለማመዱ ካብ መንጎኦም ኣዝዩም ውሑዳት ነበሩ።

ረድዮ ርክብ (ሃለው) ንሰንጋል፡ ንኣዛዚ ቦጦሎኒ 04 ሚኪኤል ወሎ፡ ንኣዛዚ ክፍለ-ሰራዊት 70 ብጻይ ፍሊጶስ ወልደዮሃንስን ነቲ ተኹሲ መዳፍዕን ታንክታትን ዘወሃህድ ዝነበረ ኣዛዚ ብርጌድ ኣብ መካናይዝድ ክፍለ-ሰራዊት 74፡ ተጋዳላይ ኪዳነ ተሰፋይ (ወዲ ስኞራ)ን ጥራይ እዩ ተፈቒዱ። ኣብቲ ግንባር ዝነበረ ይንኣስ ይዕበ ሓላፊ፡ ብምሉኡ ረድዮታቱ ከፊቱ ጽን ኢሉ ክሰምዕ ጥራይ ትእዛዝ ተዋህቦ።

እዘን ሰለስተ ጀላቡ ዝተወሰነ ጉዕዞ ምስ ተጐዓዛ፡ ብሸነኽ ጸጋም ኣብ ከባቢ ሰሊና ዝነበረ ረሻሽ ህዝባዊ ግንባር፡ ብምሓዝ ደማ ብሰላም ናብቲ ደንደስ በጽሓ። እቶም መራሕቲ ፈጣናት ጀላቡ፡ እቶም ተጋደልቲ ናብ ምድሪ ምጽጋዕ መታን ክጥዕሞምን ብቐሊሉ ንኽወርዱን ብምባል ክሳብ መሬት ተንኪፈን ሓጎግ ዝብል ድምጺ ዘስምዓ ኣጸግዐወን።

ሰንጋል "ያላ ኩሉኻ ውረድ!" ዝብል ትእዛዝ ሂቡ ንባዕሉ ክወርድ ክሳብ ዝፍትን ድሮ ገሊኦም ኣብቲ ደንደስ ኮይኖም ቦምባታት ኢድ ክድርብዩ ተዓዚቦሞ ቅልጣፈኦም ገረሞ። ንባዕሉ ውርድ ምስ በለ ጫማኡ ወሰ ምባል ከሊኡዎ ለመጥመጥ ኩብል ተሰምዖ። ናብቲ ባሕሪ እንተ'ስተብሃለ፡ ናይታ ብብጾትና ኣቐዲማ ኣብ ናቫል በይዝ ዝተሃርመት መርከብ ፍሳስ ነዳዲ ማዕበል ገፊፉ ናብቲ ደንደስ ስለዘጸግዮ ኩሎም ቡቲ ፍሳስ ነዳዲ ንግዚኡ ተሸገሩን ሰውነቶም ብጸለሎ ተቐብኣን። ይኹን'ምበር ተጸሚሞም ናብቲ ደንደስ ብምብጻሕ ተኹሲ ጀመሩ።

እቲ ደንደስ ብኮንተይነራት ዝተደርደረ ኣእካል መሊኡ ጥራይ ዘይኮነ ይቃጸል'ውን ብምንባሩ ቡቲ ሓደ፡ ቡቲ ካልእ ድማ፡ ወተሃደራት ጸላኢ ካብቲ ኣቐዲሙ ዘወርዶም ዝነበረ ደብዳብ ኑብሶም ንምሕያብ፡ የማን (ጸላኢ) ጸዕቂ ከም ዝለዎ ሓቢሮም።

ምድረ ሰማይ ጸልመተ። ዝድርበ ቦምባታትን ዝትኮስ ጠያይትን ነቲ ዝጸንሐ ቃጸሎ ከም ዕልልታ ኣደታት ድምቀት ወሰኸሉ። እተን ኣራጊፈነኦም ዝኸዳ ጀላቡ እንደገና ነታ ብወዲ በርሀ እትምራሕ ሓይሊ፡ ካብ ዝተዋጽኡ ተጋደልቲ ሒዘን ጠቐቕ በለኦም። ድሕሪኣ'ውን ፋጁ ዝሓዘን ኣሃዱታት ጠቐቕ በላ። ድሕሪ'ዚ ተኣሳሲርካን ተረጋጊእካን መጥቃዕቲ ተጀመረ።

ኣብዚ ህሞት'ዚ ገለ ተጋደልቲ ክውግኡ ስለዝጀመሩ፡ እተን ጀላቡ ውጉኣት ሒዘን ብምምላስ ካልኦት 60 ተጋደልቲ ካብ ቦጦሎኒ ናይ ኣብሓ - ብርጌድ 71 ቦጦሎኒ ኣዛዚ ናብቲ ደንደስ ተራገፋ። ነተን ፈለማ ምድሪ ዘንከሳ ብሰንጋልን ወዲ ሃይለን ዝምርሓ ክልተ ሓይልታት ከቢድ ብረት 04 ናብቲ ጸላኢ ኣጽዒቑሉ ዝነበረ የማን ወገን ክደፍኣ፡ ነቲ ጸጋም ድማ ነተን ዳሕራይ ዝመጽኣ ሓይልታት ክገድፋለን መምርሒ ብላዕለዎት ኣዘዝቲ ተዋህበ። እዚ ድማ ምድሪ ምሉእ ብምሉእ ከም ዝተረግጸ ዘተኣማምን ብቕሳነት ንምውጋእ ዕድል ዝፈጥር ነበረ።

ከም ናይ ኖርማንድ-ብይ ባሕሪ ሰንጢቕካ ውግእ ዝተዛዘመ መሰለ። ገለ ኣብ ኮንትይነራት ገለ ድማ ኣብ ዝተጸፍጸፈ ኣእካልን ቴንዳታትን ተሓቢኦምን ፋሕ ኢሎምን ብምንባሮም፡ ናብ መን ተኩሰካን በየናይ ሸነኽ ተኸሲ ይመጽኣካን ከም ዘሎ ዘይትፈልጠሉ፡ ሕውስውስ ዝብል ኩነት ተፈጥረ።

ኣብቲ ቦታ ዓሪዶም ዝነበሩ ወተሃደራት ጸላኢ፡ ኢትዮጵያውያን ጥራይ ዘይኮኑ እንተላይ ብረት ጸላኢ ዝተሓንገጡ ኩዓት ደቂ ሃገር ብምንባሮም፡ ብዘይካ ቋንቋ ኣምሓርኛ፡ ሓሓሊፉ ኤርትራዊ ቋንቋ ይሰማዕ ነበረ። ጽቡቕ ኢጋጣሚ ኮይኑ ድማ፡ እቶም ወተሃደራት ጸላኢ፡ ንተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር፡ ከምቶም ኢዶም ንጸላኢ ሂቦም ኣብ ጎድኖም ኮይኖም ዝዋግኡ ዝነበሩ ኩዓት ገይሮም ንዝተወሰነ እዋን ቆጺሮምዎም ገሚቶምዎም።

ኣብ ውሽጢ'ዚ ህሞት እዚ ሓደ ወተሃደር ኢትዮጵያ፡ ናቱ ወገን መሲልዎ፡ ናብ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ህሩግ በለ። "ኢድካ ንላዕሊ" በሉዎ ተጋደልቲ ብረት ናብ ኣፍልቡ ብምቕናዕ። ነገራቱ ጋን ኮኖ። በየን ነጢቡም ንምርድኡ ተጸገመ። ድሕሪ'ዚ ጻዕቅን ሳሕውን ሰራዊት ኣብይን ብኹመይን ዝብሉ ሕቶታት ንክምልሰሎም ተወኪስዎ'ሞ ብሸነኽ ግዛ ንግዛ ዝኾየድ ናይ ከተማ ውግእ ድማ ቀጸለ። ምድረ ሰማይ ፍጹም ጸልሚቱ ብምንባሩ ነቲ ናይ ከተማ ውግእ ተወሳኺ ስለዝኾኖ ከበደ። ዝያዳ ኩብደት ዝሃቦ ድማ፡ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ብርሃን ኣብ ዘይብሉ ፓላሶታት ውሽጢ ባጽዕ ኮይኖም፡ ኑቶም ኣብ ውሽጢ ዝቃጸል ዝነበረ ስርናይን ካልእን ኮይኖም ዝትኩሱ ዝነበሩ ተጋደልቲ ምሉእ ብምሉእ ይርእይዎምን ብተመልኪተሊዮ ይትኩሱሎምን ቦምባታት ኢድ ብላዕሊ ይድርብዩሎምን ብምንባሮም'ዩ። ስለዚ ኣብ ከምዚ ዓይነት ተኹሲ፡ ልዕሊ ሓባራዊ ውልቃዊ ክእለትን ፍናንን ተዓጻጻፍነትን ወሳኒ ግደ ስለ ዝህልዎ ተራ ናይ ሓላፊ ድሩት እዩ፣ ዝያዳ ትብዓትን ተዓጻጻፍነትን ናይቶም ተዋጋእቲ ዝሓትት እዩ።

ኣባል ከቢድ ብረት 04 'ስፓርታክስ' ብዝብል ሳጓ ዝጽዋዕ ተጋዳላይ፡ ብላዕሊ ካብ ዝተደርበዩ ቦምባን ኣድራጋ ጠያይትን ንምኽዋል ኩብል፡ ኑብሱ ዓጺፋ ብቐጽበት ኣብ ዝተወንጨፈሉ ህሞት፡ ምድሪ ጸላም ብምንባሩ፡ ጽርግያን ባሕርን ሓደ ዓይነት መልክዕ ሒዙ ተራእዩዎ፡ ጽርግያ ሒዘ ይኸዱ ኣለኹ ኢሉ፡ ዘይሓሰቦ ናብቲ ባሕሪ ህር-ግዳም ብምባል ብርቱዕ ድምጺ ጦምቦላሕ ፈጠረ። ኣብቲ ከባቢኡ ኮይና ትታኹስ ዝነበረት ተጋዳሊት ኩብራ ዳዊት እውን፡ እቲ ድምጺ ስለ ዘጠራጠራን ድምጺ ሰብ ስለዝሰምዐትን ጽርግያ ሒዛ እተኸደት ንሳውን ንስክላ ባሕሪ ምኳኑ ኣስተውዒላ ደው በለት። ሓደ ሰብ ካብ ምጥሓል ንምግልጋል ምስ ባሕሪ ክቃለስ ድማ ተዓዘበት።

"መን ኢኻ" በለት ድምጻ ኣበርኺ። ብዝተወጠረ ድምጺ "ስፓርታክስ'የ" በለ።

ናብቲ ባሕሪ ከመይሉ ከምዝኣተወ'ኳ እንተደንጸዋ፡ ህይወት ብጻይ ልዕሊ ኩሉ ምዃኑ ተገንዚባ ንምድሓኑ ብስምዒት ናብቲ ባሕሪ ክትኣቱ ሃቀነት። እንተኾነ ንሳ'ውን ንባዕላ ሓምቢሳ ዘይትኽእልን ባሕሪ ሓደገኛ ምዃኑን ትዝ በላሞ "ኣጆኻ! ናባይ ገጽካ ጥራይ ተመጣጠር" በለቶ። ፍንና ንምሃቡ ዝኣክል። ስፓርታኩስ ኣብ ባሕሪ ሓንቢሱ ኣይፈልጥን። ኣብ ራህያታት ናይ ዓዲ ግን ብፍላይ ኣብ ግዜ ክረምቲ ምስ መዛኑኡ ዝገብሮ ዝነበረ ናይ ምሕንባስ ፈተነን ውድድርን ብመጠኑ ስለዝሓገዞ፡ ጻዕሪ ሓዊሱ ናብ ኩብራ ገጹ ሰጎመ። ኩብራ ድማ ጥውዮ ነጸላ ወርወረትሉ። ንሱ ነታ ነጸላ ሒዙ ኩብራ ብዘለዋ ሓይሊ ንላዕሊ ናብኣ ገጻ እናሰሓበት ምድሪ ከም ዝከስ ገበረቶ።

ምስ ወጽአ፡ ኩብራ ተግባራቱ ኣስደሚሙዋ፡ ክርትም ኢላ ሰሓቐት። ስፓርታክስ ግን ንሰሓቓ ግምት ኣይሃቦን። ንዘወሓጦ ታኒካታት ማይ ጨው በጨቕ ኣቢሉ ከውጽእን ነታ ባሕሪ ዘወሓጣ ብረቱ መተካእታ ካብ ዝሞቱ ወተሃደራት ብረት ክናድን ናብ ሃሰውሰው ከደ። ሓንቲ ባህ ዘበለቶ ብረት ኣልዒሉ ድማ፡ ማይ ካብ ሰውነቱን ክዳኑን ኣባ ጨጎራ ክመስል ጀበብ እናበለ ምስ ኩብራ ተመሓሪርዩ ሓድሽ ተኹሲ ናብ ጸላእቱ ፈነወ።



ይቕጽል . . .

# ዝምድና ሱዳንን ኤርትራን

## ክንዮ ጂኦግራፍ፡ ኣብ ሓባራዊ ዕድል ዝሰረተ ጽኑዕ ሽርክነት




ኣሳም ኣሕመድ ዓብደልባሪ
ኣምባሳደር ሪፓብሊክ ሱዳን ኣብ ኤርትራ

ኣብ መንጎ ሪፓብሊክ ሱዳንን ኤርትራን ዘሎ ክልተኣዊ ዝምድና፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ዞባ ቀይሕ ባሕርን ኣብኡት ናይ ምዕቡል ቅዲ ክልተኣዊ ዝምድና እዩ። ዝምድና ክልተአን ሃገራት ኣብ ታሪኽ ዓሚቑ መሰረት ዘለዎ ኮይኑ፡ ኣብ ኩሉ ማለት ኣብ ፖለቲካዊ፡ ጸጥታዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ መዳያት ሰፊሕ ምትእስሳር ዘለዎ እዩ። እዚ ድማ፡ ክልተአን ሃገራት ኣብ ሓባራዊ ምትእምማንን ሰናይ ጉርብትናን ንሓድሕዱ ዝተዋሰበ ረብሓታትን ሓበራዊ መጻኢ ዕድልን መሰረት ዝገበረ ስትራተጂያዊ ዝምድና ከም ዝህልወን ገይሩ ይርከብ።

### ታሪኻዊ ጥምረት፡ ዝተኣሳሰረ መንነት

ኣብ መንጎ ሱዳንን ኤርትራን ዘሎ ጂኦግራፊያዊ ዶብ፡ ንክልቲኦም ህዝብታት ፍጹም ዕንቅፋት ኮይኑ ኣይፈልጥን። ብኣንጻሩ እኳ ድኣ፡ ንሰብኣዊ ርክባት፡ ባህላውን ማሕበራውን ምትእስሳር ከም ድልድል ኮይኑ ኣገልጊሉ እዩ። ሱዳን ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነቱ ዘካየዶ ዝገበረ ሓርነታዊ ቃልሲ ብምድጋፍ፡ ኣገዳሲ ታሪኻዊ ተራኣ ተጻዊታ እያ። እዚ ግደ'ዚ፡ ኣብ ሃገራዊ ንቕሓት ኤርትራውያን ዓሚቑን ነባሪን ጽልዋ ዝገደፈ ኮይኑ፡ ክሳብ ሎሚ ኣብ መርገጺታት መራሕነት ኤርትራ ኮነ ኣብ ህዝባዊ ስምዒት ኤርትራውያን ኣብ ልዕሊ ሱዳን ጎሊሑ ዝንጸባረቕ እዩ። ብዘይካ'ዚ እቲ ኣብ ክልቲአን ሃገራት ዘሎ ሰፊሕ ማሕበራውን ቀቢላውን ምትእስሳር፡ ነዚ ተረር መሰረት ዘለዎ ዝምድና'ዚ ዝያዳ ብምዕማቑ፡ ክንዮ ዝምድና መንግስታት ናይ ህዝብታት ጥምረት ከም ዝኾውን ገይሩዎ እዩ።

### ሓባራዊ ምኽብባር ዝሰረቱ ፖለቲካዊ ወሀደት

ብፖለቲካዊ መዳይ፡ ኣብ መንጎ ካርቱምን ኣስመራን ዘሎ ዝምድና፡ ብፍላይ ንሓባራዊ ረብሓ ኣብ ዝገድሱ ዞባዊ ጉዳያት፡ ብልዑል ደረጃ ምርድዳእን ምውህሃድን ዝለለ እዩ። ኤርትራ ኣብ ምኽባር ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ሱዳን መሰረት ዝገበረ፡ ንምትእትታው ግዳማዊ ሓይልታት ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ሱዳን ዝጽግዕ ነቓ ዘይብል መርገጺ ዘለዋ ሃገር እያ። ከም ውጽኢቱ፡ ዝተሓላለኸ ጸጥታውን ፖለቲካውን ብድሆታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ንምፍታሕን ዞባዊ ርግኣት ንምምጻእን ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ ሱዳን ንኤርትራ ከም እምንቲ መሻርኽቲ እያ ትርእያ።

ኤርትራ - መሪሕነታን ህዝባን - ኣብዚ ሕጂ ኣብ ሱዳን ንሃገራዊ ክብረት ዝካየድ ዘሎ ኩናት፡ ንህዝቢ ሱዳን ዘድግፍ ታሪኻውን ቅኑዕን መርገጺ እዮም ወሲዶም። እዚ ብቀጥታዊ መሪሕነት ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣቢሉ ክግለጽ ዝጸንሐ፡ ግዝኣታዊ ሓድነትን ልኡላዊ ረብሓታትን ሱዳን ንክዕቀብ ዝጽውዕ ቅኑዕ መርገጺ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፡ ምዕቡልን ፍሉይን ኮይኑ፡ ሕውነትን ልዑል ናይ ምትሕግጋዝ መንፈስን ናይ ክልቲኡ ህዝብታት ዘንጸባርቕ እዩ።

### ጸጥታዊ ሽርክነት ኣብ ህወጽ ዞባ

ኣብ ግንባር ጸጥታ፡ ኣብ መንጎ ሱዳንን ኤርትራን ዘሎ ምትሕግጋዝ፡ ኣብቲ ንኣማኢት ኪሎ ሜተራት ዝዝርጋሕ ሓበራዊ ዶብ ሓደ ካብ ቀንዲ ኣዕኑድ ምርግጋእ ኮይኑ ይርከብ። ኣብ ጸጥታዊ ጉዳያት ዘሎ ምውህሃድን ምልውዋጥ ሓበሬታን፡ ስግረ ዶባዊ ውጉዝ ንጥፈታት ንምቁጽጻር፡ ዘይሕጋዊ ሰደት ንምቅላስ፡ ካብ ሕጊ ወጻኢ ኣብ ከባቢ ዶባት ንዝንቀሳቐሱ ዕጡቓት ጉጅለታትን ሚሊሻታትን ኣብ ምቁጽጻርን ምግታእን ልዑል ግደ ይጻወት ኣሎ። ኣገዳስነት ናይዚ ምትሕግጋዝ'ዚ፡ ኣብቲ 'ጸጥታ ናይ ሓደ ወገን ካብቲ ናይ ካልእ ወገን ተፈልዩ ዝርአ ኣይኮነን' ዝብል ኣብ ክልቲአን ሃገራት ዘሎ ሓበራዊ መረዳእታ ዝያዳ ጎሊሑ ዝርአ እዩ።

### ትሰፋው ቁጠባዊ ደረተ-ትርኢት

ኣብ ቁጠባዊ መዳይ፡ ኣብ መንጎ ሱዳንን ኤርትራን ዘሎ ዝምድና ገና ብምልኣት ክንጥቀመሉ ዘለና ዓበይቲ ዕድላት ዝሓቖፈ እዩ። ሱዳን ሰፊሕ ናይ ሕርሻ፡ መፍረ እንስሳን ማዕድናትን ሃብቲ ዘለዋ ሃገር እያ። እዚ ምስቲ ኤርትራ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዘለዋ ስትራተጂያዊ ኣቀማምጣን ኣገደስቲ ወደባታን ካልእ ብዙሕ




ጸጋታታን ተደሚሩ፡ ንሓቀኛ ቁጠባዊ ውህደት ጽኑዕ መሰረት ዝፈጥር እዩ። ካብን ናብን ንግዳዊ ንጥፈታት ምኽያድ፡ ምትእስሳር ኣገልግሎት መጓዓዝያ፡ ትግባረ ሓበራዊ ወፍሪ፡ ንረብሓ ክልቲኦም ህዝብታት ዘገልግል ሰፊሕ ናይ ልምዓት ኣድማስ ዝኸፍት እዩ።

ኣገዳስነት ዝምድና ሱዳንን ኤርትራን ኣብ ሰብኣዊ መዳይ፡ ንክልቲአን ሃገራት ኣብ ዘጋጠመን ብድሆታት ብንጹር ተራእዩ እዩ። ኣብ እዋን ቃልሲ ንናጽነት ኤርትራ፡ ሱዳን ንዓሰርተታት ዓመታት ብዙሓት ዘለዎም ኤርትራውያን ኣዕቂባ እያ። ኤርትራ ብወገና፡ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ጸገም እዋናት፡ ደገፉን ምድንጋጻን ምስ ህዝቢ ሱዳን ኣርእያ እያ። እዚ፡ ካብ ጽኑዕ እምነት ኣብ ሓባራዊ መጻኢ ዝብገስ እዩ።

ኣብ ልዕሊ ሱዳን ዝተሰገደደ ኩናት ስዒቡ፡ ኤርትራ ማዕጾኣ ንዜጋታት ሱዳን ክፉት ገይራቶ እያ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ሱዳናውያን ዝኾነ ይኹን ዘለዎም መለለዪ ሰነዳት ተጠቒሞም፡ ብዘይ ዕንቅፋትን ምትሕልላኽን ናብ ኤርትራ ክኣትዉን ክቕመጡን መምርሒ ምሃቡ ይፍለጥ። እዚ ክቡር ሰብኣዊ መርገጺ'ዚ፡ ዕምቈት ናይቲ ኣብ መንጎ ክልተ ኣሕዋትን ኣዕሩኽን ህዝብታት ዘሎ ምትእስሳር ዘጉልሕ እዩ።



### ናብ ዘላቒን ስትራተጂያውን ሽርክነት

ዝምድናታት ሱዳንን ኤርትራን፡ ብታሪኻዊ ውርሻኡ፡ ፖለቲካዊ እምነቱ፡ ከምኡ'ውን ብጸጥታውን ቁጠባውን ተማላላእነቱ ተሰንዩ፡ ካብቲ ልምዳዊ ናይ ምትሕግጋዝ ኩነት፡ ናብ ኩሉ መዳያዊ ስትራቴጂያዊ ምሕዝነት ንምስግጋር ዘኽእሎ ድልዱል መሰረት ሒዙ ይርከብ። ነዚ ንምዕዋት፡ ኣብቲ ብመሪሕነት ክልቲአን ሃገራት ዝንጸባረቕ ዘሎ ጽኑዕ ፖለቲካዊ ድልየት ዝሰረተ፡ ትካላዊ ዘተ ብምኽያድ፡ ናይ ምትሕግጋዝ ዓውድታት ምስፋሕ የድሊ። ኣብዚ ሕጂ ዘሎ ዞባውን ኣህጉራውን ብድሆታት፡ ኣብ መንጎ ሱዳንን ኤርትራን ዘሎ ዝምድና፡ ሰናይ ጉርብትናን ሓባራዊ ምኽብባርን፡ ካብ ክልቲአን ሃገራት ሓሊፉ ብደረጃ መላእ ቀርኒ ኣፍሪቃ ከመይ ገይርካ ንጹህን ሓቀኛን ርግኣት ምፍጣር ከም ዝከኣል ህያው ግብራዊ ኣብነት እዩ።

### መደምደምታ

*ዝምድናታት ሱዳንን ኤርትራን፡ ብታሪኻዊ ድሕረ ባይታኡን ዳይናሚክነቱን፡ ካብቲ ልሙድ ክልተኣዊ ርክባት፡ ናብ ጂኦፖለቲካዊ ሽርክነት ምስ መዋቕራዊ መዳያቱ ተሰጊሩ ይርከብ። እዚ ምሕዝነት'ዚ፡ ብጂኦፖለቲካዊ ረቛሒታትን በቲ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ዘሎ ተለዋዋጢ ዞባዊ ጸጥታዊ ሃዋህውን ዝተቐረጸ እዩ። ኣብ ምኽባር ሃገራዊ ልኡላውነት፡ ምንጻግ ግዳማዊ ሕንከላ፡ ምምሳት ዘይቀጥታዊ ምትእትታዋት ብዝምልከት ዘሎ ስምረት ናይ ኣረኣእያታት ከኣ፡ ነዚ ዝምድና'ዚ ሓደ ካብ ኣዕኑድ ሓለውቲ ሚዛን ዞባ ገይሩ ኣይልዲሉዎ ኣሎ። እዚ ምሕዝነት'ዚ ብተወሳኺ፡ ጸጋታት ሱዳንን ስትራተጂያዊ ባሕራዊ ቦታ ኤርትራን ብምውህሃድ፡ ብሰፊሕን ተመላላእን ኣቀራርባ፡ ልምዓትን ቁጠባዊ ናጽነትን ንምድልዳል በሪ ዝኸፍት እዩ።*

*ኣብ መንጎ ሱዳንን ኤርትራን ዘሎ ምሕዝነት፡ ኑቲ ሀልው ዞባዊ ናይ ርግኣት ኩነታት ዳግም ኣብ ምቕራጽ፡ ፍታሕ ናይ ቅልውላዋት ካብ ውሽጢ'ዚ ዞባ ከም ዝመጽእ ብምግባር፡ ዝዓዊ ርግኣትን ረብሓ ህዝብታት ናይ'ዚ ዞባን ናብ ዘገልግል ስትራተጂያዊ ጼጋ ዘሲጋግር እምነ-ኩርናዕ እዩ።*

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መደብ ቈላሕታ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ዕላል ጥበባት |
| 15:10 | ተክኢንሳይት |
| 15:50 | ፓኖሮማ |
| 16:15 | ናትራን (1ይ ክፋል) |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ናትራን (2ይ ክፋል) |
| 18:30 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ፊልም ክብረት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ጽባቐ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት |

# ልምዓት

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ንጥፈታት፡ ‘መውል’ ጨንፈር ዓዲ-ኳላ

ስእሊ፦ ኣቤል በረኸት

መውል ኣሕጽሮተ ቃል ናይ፡ “መደብ ወህለላን ንኡስ ልቓሕን” ዝብል እዩ፡፡ እዚ ትካል ከም ትካል ራእዩ፡ ተልእኾን ክብረታትን ሃልዩዎ ኣብ 1996 ዝቖመ ፊናንሳዊ መንግስታዊ ትካል እዩ፡፡ ራእይ ናይዚ ትካል፡ ተገልገልቱ መኣብርኦም ተመሓይሹ ምርኣይ’ዩ፡፡ ተልእኾኡ ኸኣ፡ ብሉጻን ሰፊሕን መጠነ ንኡስ ኣገልግሎት ልቓሕ ምሃብ ክኸውን እንከሎ፡ ክብረታቱ ድማ፡ ስልጡንትን ተኣማንነትን ዝብል እዩ፡፡ ነዚም ዝተዘርዘሩ ትልምታት እዚኦም ሓቝፉ ድማ፡ ኣብቲ ዝተገልጸ ግዜ ቄይሙ፥ ድንድል ኣብ መንጎ ህዝብን መንግስትን ብምዃን ገዚዙብ ይዝርግሕን ይእከብን፡፡

ቀሺ. ዕቑባሚካኤል ዳዊት ሓላፊ ‘መውል’ ጨንፈር፡ ዓዲ-ኳላ’ ኮይኑ ዝሰርሕ ዘሎ’ዩ፡፡ ጨንፈር መውል ዓዲ-ኳላ፡ ማእከላይ ቤት ጽሕፈቱ፡ ኣብ ዓዲ-ኳላ ኮይኑ፥ ንሰለስተ ንኡሳን ዞባታት - ዓዲ-ኳላ፡ ማይምነን እምኒ ሓይሊን ጠርኢፉ ኣገልግሎት ይህብ፡፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ እዘን ንኡሳን ዞባታት ንዕማማቱ ዘካይዱ ወከልቲ ኣባላት ኣለዉዎ፡፡ ንሎም ንሓፈሻዊ ንጥፈታት ናይ’ዚ ጨንፈር ዘድሃበ ዳህሳሰ፡ ምስ ቀሺ. ዕቑባሚካኤል፡ ቃል-መሕተት ኣካይድና ዝሃበና ሓበሬታ ደስዕቡ፡

ዕላማ መደብ ወህለላን ንኡስ ልቓሕን (መውል)፡ ኣብ ርሑቕ ገጠራት፡ ሓወሲ. ከተማታትን ከተማታትን ዝርከቡ፥ ብሰሪ ራሕቂ ናይ ቦታ፡ ትሕጃ ገንዘብን ካልእን ናይ ምልቃሕ ዕድል ዘይብሎም ዜጋታት፡ ሰሪ ገንዘብ ህይወቶም ካብ ምልዋጥ ከይትናደቡ፡ ኣብ ከባቢኦም ካብ ዝርከብ ወግዓውያን ፊናንሳውያን ትካላት መንግስቲ ብቐሊሉ ናይ ገንዘብ ልቓሕ ክረኽቡሉ ዝኽእሉ ዕድል ፈጢርካ ብርኪ. ከም ዝተኽሉ ምግባር እዩ፡፡ ብተወሳኺ፡ ንደሞዝተኛታት ሰራሕተኛታት መንግስቲን ብሕታውያን ትካላትን፡ ዝድንፍዎም ወቕታውያን ኩነ ሃንደበታዊ ወጻኢታት ዝሓትቱ ኣጋጣሚታትን ካልእ ማሕበራዊ ግዴታታትን፡ ሸግሮም ክፈትሑ ዝሕግዞም ካብ ደሞዞም ቀስ እናበሉ ዝኸፍልዎ ዕድል ናይ ልቓሕ ክረኽቡ ይሕግዞም፡፡ ብዘይካ’ዚ፡ ዝተጣየሱ ዜጋታት ብምኽንያት ሕጽረት ገንዘብ ካብ ድሌታቶም መታን ከይዕንቀጹ፡ ዕድል ልቓሕ ረኺቦም ኣፍረይቲ ንምግባሮም ይሰርሕ፡፡ ካብኡ ናብኡ ደቂ ኣንስትዮ ዝያዳ ተጠቀምቲ ክኾና ፍሉይ ቈላሕታ ክግበረለን መውል ካብ ዝሰርሓሉ ኣገባብ ሓደ’ዩ፡፡

“ብሰንኪ. ሕጽረት ገንዘብ ካብ ኣፍራይነት ዝበኮር ዜጋ ኣይክህሉን እዩ” ብዝብል መሪሕ ጭርሖ ንጥፈታቱ ዘሰላስል መውል፡ ኣብ ኣተዓዳድላ ልቓሕ ዝኽተሎ ኣገባብ፡ ኣብ ሰለስተ ኣዕኑድ ከፋፊልካ ምርኣይ ይከኣል፡፡ ንሳቶም ድማ፡ ጉጅለ ልቓሕ፡ ውልቀ ልቓሕ ከምኡ ድማ፡ ልቓሕ ንሰራሕተኛታት መንግስቲ ኮይኖም፡ ኣብ ሰለስቲኦም ኣገባባት ዝኽተሎ ኣወሃህባ ልቓሕ ሓደ ኣይኮነን፡፡ መጠን ናይ’ቲ ብጉጅለ ዝወሃብ ልቓሕ፡ እዚ’ውን ኣብ ክልተ ገጽ ከፊልካ ዝርአ ኮይኑ፥ እቲ ቀዳማይ መጠነ ንኡስ ልቓሕ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ፡ ክረምታዊ ሕርሻ እዩ፡፡ እቲ ውልቀ ልቓሕ ዝበሃል፡ ንንኡስ ዋኒንን ኣብ ልምዓት ሞስኖ ንዘዋፈሩ ተለቃሕቲን ኣገልግሎት ይህብ፡፡ እቲ ንሰራሕተኛታት መንግስቲ ዝወሃብ ከኣ፡ ብመጠን ደሞዞም ብሰለስተ ወይ ብሽዱሽተ ርባሕ እናርብሐ፡ ንሓደ ወይ ንኽልተ ዓመት ዕድመ ልቓሕ ብምሃብ ኣገልግሎት ልቓሕ ይህብ፡፡

መጠን ልቓሕ ኣብ ጉጅለ፡ ኣብ ንኣሽቱ መስነዎት ናይ ንግዲ ንዘዋፈሩ፣ እቲ ናይ ክረምታዊ ሕርሻ ድማ፡ ኣብ ሕርሻ ንዘሰጥፉ ዝወሃብ’ዩ፡፡ ንናይ ውልቂ ዝወሃብ ከኣ፡ ኣብ ናይ ንኡስ ዋኒን፡ ኣብ ልምዓት ጀርዲንን መሸጣ ሃለኽቲ ነገራትን ንዘዋፈሩ ተለቃሕቲ ይወሃብ፡፡



መምርሒ. መውል ከም ዘጽርዖ፡ ወግዓዊ ስራሑ ካብ ዝጀምር ክሳብ መወዳእታ 2005፡ ንሰራሕተኛታት መንግስትን ብሕታውያን ትካላትን ክልቅሖ ዘፍቅድ ኣይነበረን፡፡ ካብ መጀመርታ 2006 ጀሚሩ ግን፡ እዚ. ኩነታት ብመጽናዕቲ ተደጊፉ፥ እዞም ዝተጠቕሱ ኣካላት ንድሌቶምን ዓቕሞምን ኣብ ግምት ዘእቱ ሓድሽ ናይ ልቓሕ መደብ ኣተኣታትዩ ክሰርሓሉ ተበጊሱ፡፡ እዚ. ኣገባብ’ዚ፡ ነፍሲ-ወከፍ ተለቃሒ. ሰራሕተኛ፡ ካብ ወርሓዊ ደሞዙ እናተቘረጸ ኣብ ሓደ ወይ ክልተ ዓመት ዝኸፍሎ ልቓሕ ይፍቀደሉ፡፡

ኣገባብ ኣብ ጉጅለ ልቓሕ፡ ኣባላት ነንሓድሕዶም ክውሓሓሱ’ምበር፡ ትሕጃ ክትሕዙ ኣይሕተቱን’የም፡፡ ውልቂ ልቓሕ ግን፡ ካብ ናይ ጉጅለ ልቓሕ ንዘሰጋገሩ ነባራት ዓማዊል፡ ቅጥዕታት መውል ዘማልኡን ዝተበገሰ ትካል ዘለዎምን ወይ ኑቲ ዝወሃቦም ዕድል ክምዝምዝዎ ዝኽእሉ ፍሉይ ክእለት ዘውንኡ ሓደስቲ ተለቃሕቲ ኣባላት ይወሃብ፡፡ መጠን ናይ’ቲ በዚ. ኣገባብ ዝወሃብ ልቓሕ፡ ካብ 30 ሽሕ በብረጃኡ እናዓበየ ክሳብ 150 ሽሕ ናቕፋ ይበጽሕ፡፡

ኣብ ናይ ጉጅለ ልቓሕ፡ ካብ 6 ሽሕ ክሳብ 20 ሽሕ ናቕፋ ዝፍቀደሎም ኮይኑ፥ 5 ዑደት ልቓሕ ኣለዉ፡፡ ኣብ መጀመርታ ንዝወሃብ ልቓሕ፡ 6 ሽሕ ናቕፋ፥ ቀጺሉ ናብ 9 ሽሕ ናቕፋ፣ ናብ 12 ሽሕ ናቕፋ፣ ካብ 12 ሽሕ ናቕፋ ናብ 15 ሽሕ ይብርኽ፡፡ ካብ 15 ሽሕ ናቕፋ ከኣ ናብ 20 ሽሕ ናቕፋ ክብ ይብል፡፡

ንናይ ክረምታዊ ሕርሻ ንዘሰጥፉ ዝወሃብ መጠን ልቓሕ፡ እዚ. ክብ ኢልና ዝረኣናዮ መሳልል ከም ዘለዎ ኾይኑ፥ ድሕሪ 20 ሽሕ ናቕፋ፥ ተለቃሓይ ናብ ናይ ውልቀ ልቓሕ ተሰጋጊሩ፥ ናይ ንኡስ ዋኒን ፍቓድ ምስ ሓዘ ካብ 30 ሽሕ ክሳብ 150 ሽሕ ናቕፋ ክልቃሕ ይፍቀደሉ፥፡ ከም መጀመሪ 30 ሽሕ ናቕፋ፥ ጸኒሑ 40 ሽሕ ናቕፋ፥ 50 ሽሕ … እናበለ ናብ 150 ሽሕ ናቕፋ ክብ ይብል፡፡ ዕድመ ልቓሕ ናይ’ዚ. መደብ፡ ካብ ሓደ ዓመት ክሳብ 2 ዓመት ይዝርጋሕ፡፡ ንኣከፋፍላኡ ብዝምልከት፥ ይብዛሕ ይውሓድ ወርሓዊ እቶት ስለ ዘለዎ፡ ወርሓዊ’ዩ ዝኸፍል፡፡ ኣብ ልምዓት ሞስኖ ዝዋፈር ዓሚል’ውን ዝፍቀደሉ ልቓሕ፡ ካብ 30 ሽሕ ክሳብ 150 ሽሕ ናቕፋ ኮይኑ፥ ዕዳኡ ኣብ ሰለስተ ወርሓዊ ይኸፈል፡፡

ኣብ ጉጅለ ልቓሕ፡ ኣብ መጠን ንኡስ ልቓሕ ንዘዋፈሩ ዓማዊል፡ ወርሓዊ እቶት ኣብ ዘለዎም ኣብ ናይ ንግዲ ወይ ወሃብቲ ኣገልግሎት መስነዎትን ስለ ዘዋፈሩ፥ ዕዳኦም ወርሓዊ ከምዝኸፍሉ ይግበር፡፡ ኣብ ናይ ክረምታዊ ሕርሻ ዘዋፈሩ ዓማዊል ግን፡ እቶት ሓረስታይ ቀውዒ ስለ ዝኾነ፡ ክኸፍልዎ ዝግበኦም መጠን ገንዘብ፡ ምስ ምህርቲን እቶትን ቀውዒ ስለ ዝዛመድ፡ ንኸምዚኦም ዝበሉ ተለቃሕቲ፡ ሚያዝያ፡ ግንቦትን ሰነ ልቓሕ ይወስዱ፡፡ ሓምለ፡ ነሓሰን መስከረምን ዝናብ ክረምቲ ተጠቒሞም፥ ጥቅምቲ፡ ሕዳርን ክሳብ ታሕሳስን ዕዳኦም ክኸፍሉ ትጽቢት ይግበረሎም፡፡

መውል ኣብ ክፍሊት ወለድ ዝጥቀመሎም ኣገባባት ኣለዉዎ፡፡ ሓደ ካብኦም፡ ናብ ርሑቕ ገጠራት፡ ሓወሲ. ከተማታትን ከተማታትን እናተጓዕዘ ንዓማዊል ዝህቦ ኣገልግሎት’ዩ፡፡ እዚ. ክፅንም ብዙሕ ወጻኢታት ይጉብር፡፡ ንዝወጽኦ ንምሽፋን ድማ፡ ካብ’ቲ ዝዝርግሖ ዝረኽቦ 16 ሚእታዊት ወለድ ይሓስብ፡፡ እዚ. መስርሕ ኣከፋፍላ’ዚ፡ “ጕዳሊ. ሕሳብ” ብዝብል ኣገባብ’ዩ ዝቕመር፡፡ እዚ. ማለት ዓማዊል ብመሰረት ውዕሎም ዕዳኦም ኣብ መዓልቶም ዝኸፍሉ ምስ ዝኾኑ፥ ወርሓዊ ኣብ ክንዲ 16 ሚእታዊት፥ ናብ 10 ሚእታዊት ከም ዝጉድለሎም ይጉብር፡፡ ንጹር ንምግባሩ፥ ሓደ ተለቃሒ. ዓሚል ወለድ 16 ሚእታዊት ይኸፍል ንበል ኣለና፡ እዚ. ኣብ ግምት ኣእቲዩ እቲ ዝወሃቦ ኣገልግሎት ክሳብ ኣብ ኣፍደገ ገዛኡ’ዩ፡፡

ጨንፈር፡ መውል ዓዲ-ኳላ፡ ኣብ 2014 ቄይሙ፡፡ እቲ ጨንፈር ኣብዘ ዝሓለፈት ዓመት ኣብ ሰለስቲኣን ንኡሳን ዞባታት፡ ንልዕሊ. 600 ዓማዊል፡ ኣስታት 6 ሚልዮን ናቕፋ ዘርጊሑ፡፡ ካብዚ. ኣስታት 4 ሚልዮን ናቕፋ ክምለስ እንከሎ፡ ብሓፈሻኡ፥ እቲ ጨንፈር ኣብዚ. እዋን’ዚ. ኣብ ሰለስቲኣን ንኡሳን ዞባታት፡ ልዕሊ. ሓደ ሽሕ ዓማዊል ኣለዉዎ፡፡ ኣስታት 8 ሚልዮን ናቕፋ ናብ ዓማዊል ዘርጊሑ፥ ካብዚ. ልዕሊ. 75 ሚእታዊት ከም እተመልሰ ሰነዳቱ የመልክቱ፡፡

ሰለስተ ደረጃታት ኣወሃህባ ልቓሕ ከም ዘሎ ብሰፊሑ ተመልኪትና፡፡ ካብዚኦም ገሊኦም ንኣዋርሕ፡ ገሊኦም ድማ ዓመት ተጸቢኻ ዕዳኦም ክኸፍሉ ዘለዎም’የም፡፡ ካብ ሰለስቲኦም ደረጃታት ተለቃሕቲ ልቓሖም ኣብ ምምላስ ዝሓሹ፥ ናይ ውልቂ ተለቃሕቲ ኮይኖም፡ እቶም ኣብ መጠን ንኡስ ዋኒን ሃለኽቲ ነገራት ዝሰጥፉ እዮም፡፡ እዚ. ዝኾነሉ ምኽንያት፡ እዞም ወገናት፡ ብሰሪ ሕጽረት ገንዘብ ዝጸንሖም ሃንፋት ምስ መልኡ፥ ልቓሖም ኣብ ምምላስ ኣይደንጎዩን’የም፡፡ በዚ. ድማ፡ ኣብቲ ጨንፈር ልቓሖም ኣብ ምምላስ እቶም ዕቱባትን ርጡባትን ኮይኖም ዝቕጽሉ ዘለዉ’የም፡፡

“ልቓሖም ኣብ ምምላስ ንዘደንጉዩ ዓማዊል፡ እቲ ጨንፈር ከመይ ይርእዮም?” ክትብርህ ዘለዋ ሕቶ’ያ፡፡ ተለቃሕቲ ልቓሕ ቅድሚ ምውሳዶም፡ ዝሓትትዎ ልቓሕ ኣብ መዓልኡ ወዒሉ፥ ኣብ ግዜኡን ሰዓቱን ድማ ክምለስ ከም ዘለዎ፡ ዝኣክል ጉስጓስ ተገይሩሎም’ዩ ዝወሃቦም፡፡ ብኡ መሰረት ከኣ፡ ልቓሖም ኣብ ግዜኦም ዘይከፍሉ ዓማዊል ዳርጋ የለዉን ክበሃል ይከኣል፡፡ ዘደንጉዩ ምስ ዘጋጥሙ ኸኣ፡ ኣብቲ ትቕጽል ወርሒ፡ ዘጋጠሞም ምኽንያት ንምፍላጥ፡ ናብ ገዝኦም ብምኻድ፡ ብመሰረት ውዕሎም ዕዳኦም ክኸፍሉ በቲ ጨንፈር ምኽሪ ይወሃቦም፡፡ እንተ ዘይከዓይኑ፡ ዝብየገሎም መቕጻዕቲ የለን፡፡

ንሕጊን መትከላትን መውል ኣኽቢሩ፥ ንብዕሉ ተተግቢዑ ንትካል ዘተባብዕ ተበግሶ ብምውሳድ፡ ዕድመ ልቓሑ ኣብ ግዜኡን ሰዓቱን ንዝመልስ ዓሚል፡ ዝግበረሉ ሓለፋ እንተሎ ንቐሺ. ዕቑባሚካኤል ተወከስናዮ ነይርና፡፡ ንኣብነት 6 ሽሕ ናቕፋ ዝተለቅሐ ዓሚል፡ ብ16 ሚእታዊት፥ ኣብ ዓመት ዝኸፍለን ወለድ 960 ናቕፋ’የን፡፡ እዚ. ዓሚል ንመትከላት መውል ተኸቲሉ ብስሩዕ ዕዳኡ ዝኸፍል ምስ ዝኸውን ድማ፡ ወለድ 960 ናቕፋ ኣብ ክንዲ ዝኸፍል፡ ብናይ ምጉዳል ኣገባብ ዝሕሰብ ብ10 ሚእታዊት ተሓሲቡሉ፥ 480 ናቕፋ ይኸፍል፡፡ ካልእ፡ ኣብ ዓመት ዝኸፍሎ 6 ሽሕ ናቕፋ ዝተለቅሐ ዓሚል፡ ብዘለ ረኺቡ ንዝተለቅሐን ገንዘብ ኣብቲ ክመልሰሉ ዝተወሰነሉ ግዜ ከይተጸበየ ኣብ ውሽጢ. 6 ወርሒ. ክመልሰ’የ ንዝበለ ዓሚል፡ መጠን ወለዱ ካብ 16 ሚእታዊት ናብ 10 ሚእታዊት ጉዲሉ ናይ’ተን ዝተጠቕመለን ኣዋርሕ ጥራይ ይኸፍል፡፡



ቀሺ. ዕቑባሚካኤል ዳዊት

ህይወት ዜጋታት ክልውጥ ብመልክዕ ልቓሕ በዚ. ትካል ዝተዘርግሐ ገንዘብ ኣብ ባይታ ወጽኢቱ ክዓዝዝም ኣጉዳሲ.’ዩ፡፡ ኣብ ጨንፈርኩም መረዳእታ ተለቃሕቲ መስርሕ ኣዕኑድ መውል ከመይ ይግምገም? ንቐሺ. ዕቑባሚካኤል ተወከስናዮ ነይርና፡፡ ብመሰረት ሓበሬታኡ ድማ፡ “መውል ናይ ምብርዓር መንፈስ ዘዕዝዝ፡ ክትሰርሕን ከተጥርን ዝጉብር ትካል” ብምባል’የም ዝገልጽዎ፡፡ ናይዚ. መርኣያ፡ ኣብ መጀመርታ ካብ ባዶ ኢደም፡ 30 ሽሕ ናቕፋ መበገሲ. ልቓሕ ወሲዶም፡ ደረጃ ዕብየቶም በብግዜኡ ክብ እናበሉ መጠን ልቓሖም ናብ 100 ሽሕ ናቕፋ ዘበርኹ ዓማዊል ኣለዉ፡፡ እዚ. ድማ፡ ኣብ ተጠቀምቲ ልዑል ንቕሓት ምህላዉ. ዘርኢ.’ዩ፡፡

ይዕበ ይንኣስ ኣብ ስራሕ ምውጣጥ ዘይተርፍ’ዩ፡፡ ብዘይ ከምኡ ዝረጋገጽ ምዕባለ ይኹን ዕብየት ከኣ የለን፡፡ በዚ. መሰረት፡ ልቓሕ ኣብ ምምላስ ምስ ዓማዊልኩም ምውጣጥ የጋጥመኩምዶ፧” ኣብ መወዳእታ ንቐሺ. ዕቑባሚካኤል ዘቕረብናሉ ሕቶ’ያ ነይራ፡፡

መውል ገንዘብ ዘውፍር ትካል’ዩ፡፡ ዝወፈረ ገንዘቡ ድማ ኣብ ግዜኡን ሰዓቱን ክምለስ ስለ ዘለዎ፡ በቲ ኑቲ ዓሚል ናብ ዕብየት ትኹብኩቡ፡ በቲ ድማ ዕዳኡ ኣብ ግዜኡ ክኸፍል’ውን ስለ ትውጥጦ፡ ምውጣጥ ዘይተርፍ ስራሕ ይኸውን’ዩ፡፡ ኣብዚ. መስርሕ ምውጣጥ ዘይፈጠር ይኹን’ምበር፡ ብምርድዳእ ስለ ዝፍታሕ፡ ክሳብ ናብ ቦታ ሕጊ. ዘብጽሕ ምኽንያት የብልናን፡፡ ከመይሲ፡ ዓማዊል ዝልቅሕዎ ገንዘብ፡ ሰራሖም ህይወቶም ክልውጡ ተባሂሉ እናተዋህቦም፡ እቲ ትካል ኣብ ፈቐዶ ቦታ ሕጊ. ክንርአ ካብ ዕላማታቱ ኣይኮነን፡፡ ዘኸፍእ ጉዳይ ምስ ዘጋጥም ድማ፡ ምስ ኣመሓደርቲ ከባቢታትን ንኡሳን ዞባታትን ብዝያዳ ኸኣ ምስ መሻርኽቲ ብምትሕብባር፡ ዓሚል ብምኽርን ተግሳጽን ዕዳኡ ኣብ ግዜኡ ክመልስ ከም ዘለዎ ይግበር፡፡

“ብሰንኪ. ሕጽረት ገንዘብ፡ ካብ ኣፍራይነት ዝበኩር (ዝጉድል) ዜጋ ኣይክህሉን’ዩ” ብዝብል ቴማ ኣብ 1996 ዝቖመ መንግስታዊ ፊናንሳዊ ትካል መውል፡ ብርክት ዝበሉ ሰራሕተኛታት ብምውፋር ንጥፈታቱ የሰላስል፡፡ እዚ. ትካል፡ ንቐዳሞት ሓሙሽተ ዓመታት፡ ከም ኣካል ደገፍ ንኮማዊ ልምዓት ኤርትራ (ECDF)፡ ኣብ ትሕቲ ጸላል ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳር ኮይኑ ድሕሪ ምንጣፉ፡ ካብ 2002 ዓ.ም ጀሚሩ ድማ፡ ኣብ ትሕቲ ጸላል ሚኒስትሪ ሃገራዊ ልምዓትን ፋይናንስን ብምዃን ዝሰርሕ ዘሎ ትካል’ዩ፡፡



ዕዳጋ ኣሕምልቲን ጥረምረን ዓዲ-ኳላ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሊግ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብወግዒ ፈሊሙ

ሊግ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብ5 ለካቲት ኣብ ባጽዕ ጀሚሩ፡፡

እዚ ኣብ መንጎ ሸሞንተ ጋንታታት ዝሰላሰል ውድድር፡ ካብ ንኡሳን ዞባታት ናቕፋ፡ ኣፍዓበት፡ ጊንዳዕ፡ ፎሮ፡ ካብ ጋንታታት ድማ፡ ሰሚንቶ፡ ሓይሊ ባሕሪ፡ ሓይሊ ኣየር (ክንፊ) ሓሬናን (ተወርዋሪ እዚ) ሓቝፉ ይርከብ፡፡

ኣብቲ ዕለት፡ ኣፍዓበትን ከንፍን ኣብ ዘጋየዳኦ ጸወታ፡ ኣፍዓበት ብበሪሕ 3-ብ0 ተዓዊታ፡፡ እዛ ጋንታ፡ ቀዳማይ ዕረፍቲ ካብ ኣቤል ብርሃኑ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ከኣ፡ ብመገዲ ኢብራሂም ዳውድን ኢብራሂም ዓብዱን ክልተ ሸቶታት ኣመዝጊባ፡፡ ኢብራሂም ዓብዱ ድማ፡ ብሉጽ ተጻወታይ ናይታ ግጥም ተባሂሉ፡፡

ኣብ ካልኣይ ጸወታ፡ ፎሮን ናቕፋን ተራኺበን፡፡ ናቕፋ፡ ኣብ መበል 26 ደቒቕ ብመገዲ የናስ ሰለሙን ሸቶ ብምምዝጋብ ናብ ዕረፍቲ መሪሓ ወጺኣ፡፡ ኣብ ካልኣይ እብረ'ውን፡ ናቕፋ፡ ኣብ መበል 82 ደቒቕ ካብ ረዳእ ተኸሉ ሸቶ ወሲኻ ከኣ፡ 2-ብ0 ተዓዊታ፡፡ ረዳእ ድማ፡ ናይታ ግጥም ብሉጽ ተጻወታይ ተባሂሉ፡፡

እዚ ኣብ ክልተ ምድባት ተኸፊሉ ዝሰላሰል ዘሎ ውድድር፡ ክሳብ 15 ለካቲት ክቕጽል ምዃኑ፡ ካብቲ ቦታ ዝጽሓፍና ሓበሬታ የረድእ፡፡

## ውድድር ጉያ ፍርቂ ማራቶን ምብራቕ ኣፍሪቃ ክካየድ'ዩ

ዓመታዊ ምስ ጽምብል ሰርሒት ፈንቅል ተኣሳሲሩ ዝካየድ ውድድር ጉያ ፍርቂ ማራቶን ደቂ ተባዕትዮ ምብራቕ ኣፍሪቃ፡ ጽባሕ ዓርቢ፡ ኣብ ወደባዊት ከተማ ባጽዕ ክሰላሰል እዩ፡፡

እዚ ፌደረሽን ኣትሌቲክ ኤርትራ ከካይዶ ካብ ዝጀመረ ለሚ ዓመት ንሻሙናይ ግዜኡ ዝሰላሰል ውድድር፡ ካብ ታንዛንያ፡ ኡጋንዳ፡ ደቡብ ሱዳንን ኬንያን ዝወጹ ኣትሌታት ክሳተፍዎ እዮም፡፡ ብዐብኡ ድማ፡ ናይ ዞባታት ማእከል፡ ደቡብ፡ ጋሽ ባርካን ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን፡ ከምኡ'ውን ደንደን ሚኒስትሪ ምክልኻልን ናይ ውልቂ ኣትሌታትን ክወዳደሩ እዮም፡፡

ኣብዚ ውድድር፡ ዝሓለፈ ዓመት ዘይነበሩ ኣቀላጠፍቲ ጸወታ (Pacemakers) ክምዝለዉ እቲ ፌደረሽን ሓቢሩ፡፡

ናይ ዓሚ ዕወት፡ ብሓፈሻ ሰለስተ ግዜ ነዚ ውድድር ብምስዓር 'ሃትሪክ' ዝሰርሐ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ዞባ ደቡብ - ሳምሶም ኣማረ ኣይክሳተፍን እዩ፡፡ ከም ወጽኢቱ ለሚ ዓመት ሓዱሽ ዕወት ክርአ እዩ፡፡ ደቡብ ከኣ ናይ ዓሚ ክብራ ንምዕቃብ ሓያል ጻዕሪ ይጽበያ፡፡

ደቂ ኣንስትዮ ኣትሌታት፡ ከምቲ ናይ ዝሓለፉ ዓመታት፡ ናይ 10 ኪሎሜተር ጸወታ ክካይዳ እየን፡፡ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዕወትቲ የርዳኖስ ሃብተስላሴ ክብራ ንምዕቃብ ኣብ እትገብሮ ቃልሲ ካብ መዛኑኣ ከቢድ ብድሆ ክገጥማ ከምዝኸእል ይግመት፡፡

ብዘይካ'ዚ፡ ናይ ዊልቸር (ናይ ሰንኩል ዓረብያ) ጸወታ'ውን ኣካል ናይቲ ውድድር እዩ፡፡

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ጉዳይም ተቐዳደምቲ ብሸክሊታ ተሰፋም ዑቕባማርያምን ሚሮን ተሸመን ነዚ ኣብ ዓቢ ሃገራዊ በዓል ዝሰላሰል ውድድር ንምድማቕ ክሳተፉ ምዃኖም ሓቢሮም፡፡

## ሳላ ማን ዩናይትድ ዝተፈልጠ ደጋፊ . . .

5 ጥቕምቲ 2024 ማን ዩናይትድ ሓሙሽተ ተኸታተልቲ ጸወታታት ከይተዓወተት ጸጉሪይ ኣይቆርጽን እየ ዝበለ ደጋፊኣ ኣብ ዝሓለፉ ሳምንቲ ዝ ብዙሒ ቀሪቦዎ ነይሩ፡፡

ምኽንያቱ ማን ዩናይትድ፡ ኣኪታቲላ ንማን ሲቲ፡ ኣርሰናል፡ ፋልሃምን ቶተንሃምን ብምርታዕ ኣርባዕተ ግጥማት በዲሓ ብምንባራ፡፡




ይኹን እምበር፡ ሰሉስ ምሸት፡ ምስ ዌስትሃም 1-ብ1 ብምፍልላያ፡ እዚ ደጋፊ፡ ከም እንደገና ባዶ ኢሉ ክቖጽር ተቐሲቡ ኣሎ፡፡ እዚ ወዲ 29 ዓመት ደጋፊ፡ ዛጊት ን495 መዓልታት ጸጉሪ ርእሱ ኣይቆረጸን ዘሎ፡፡

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ናይ ቀደም ኮኾብ ተጻዋታይ ማን ዩናይትድ - ዋይን ሩኒ፡ ኣብ ልዕሊ'ዚ ደጋፊ ዘለዎ ዘይዕጉብነት ገሊጹ፡፡

ንሱ፡ "ኣብ ካልእ ክፋል ናይዛ ሃገር ምሰደድክዎ ነይረ፡ ኣዝዩ እዩ ዘሰምበደኒ ዘሎ፡፡ ንሕና ብዙሓት ካብኡ ዩናይትድን ተኸታታሊ ሓሙሻይ ዓወት እናተዛረብና፡ እዚ ኸኣ ዛዕባ ግና፡ ብዙሓ ምቕራጽ ጸጉሪ ናይዚ ወዲ ኮይኑ፡፡ ኣነ ሰሙሳ እገብር፡ ዩናይትድ፡ ሓሙሻይ ዓወት እንተኣመዝጊባ እዚ ወዲ ኣዝዩ ኩሉ'ርቕ እዩ፡፡ ምኽንያቱ ድሕሪ'ኡ ስለዘይዝክር፡፡" ኢሉ፡፡

## ደንደን ኣብ ልዕሊ ቀይሕ ባሕሪ ሕነኣ ፈዲያ

### ውድድር ዘዋሪት ዋንጫ ኲዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ቀጺሉ



ሊግ ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ብኽልተ ጸወታ ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ደንደን ንመተሃላለኺታ ቀይሕ ባሕሪ ብምርታዕ ሕነኣ ፈዲያ፡፡

እቲ ልዑል ኣተኩሮ ዝተዋሃቦ ግጥም፡ ቀይሕ ባሕሪ 13 ነጥቢ፡ ደንደን 10 ነጥቢ ሒዘን እየን ኣትየናኦ፡፡ ቀዳማይን ካልኣይን እብረ ድማ፡ ክልተአን ክጸ ፈተነ ሸቶ ንምርካብ ኣዝየን ክሸገራ ተራእየን፡፡ ጸወታ 0-ብ0 ክዛዘም ዝውሓደ ደቓይቕ ምስ ተረፈ ግና፡ ደንደን ኣብ መበል 90 ደቒቕ ካብ ኤልያስ ተስፋይ ወሳኒት ሸቶ ኣመዝጊባ፡ ኣብ ኣጋ ምዝዛም ኣገዳሲ ዓወት ኣመዝጊባ፡፡ ኣመዝጋቢ ሸቶ ኤልያስ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይታ ግጥም ተጸዊዑ፡፡ ደንደን ከኣ፡ ቀዳሚ'ዚ ውድድር ምጅማሩ ኣብ ናይ ዋንጫ ጸወታ 'ሱፐር ካፕ' ብቀይሕ ባሕሪ ዝወረዳ ስዕረት፡ ብማጠኑ ደቢሳቶ፡፡

ኣብቲ ዕግርግር ዝጋጠሞሉ ጸወታ፡ ኣጥቃዓይ ደንደን ሮሜል ዓብዱ፡ ሸቶ ምስ ተመዝገበት ናብ ቀይሕ ባሕሪ ብምኻድ ዘይስፖርታዊ ባህሪ ብምርኣዩ፡ ብቀይሕ ካርድ ተባሪሩ፡፡ ኣብ መበል 89 ደቒቕ'ውን፡ ተጻዋታይ ቀይሕ ባሕሪ ቴድሮስ መልኣኩ፡ ብኽልተ ብጫ ካርድ ተሰጕጉ እዩ፡፡

በዚ ወጽኢት፡ ኣዱሊስ ብዝያዳ ጸወታ ብ14 ነጥቢ ኣብ መሪሕነት ትርከብ፡ ቀይሕ ባሕርን ደንደንን ብተመሳሳሊ 13 ነጥቢ ብጸብለልታ ሸቶ ተፈላልየን፡ ካልኣይትን ሳልሰይትን ይርከባ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይ'ዚ ግጥም፡ ኤልያስ ተስፋይ ተረቚሑ፡፡

ኣቐዲመን ካብ ዝተራኸባ ኩባንያ ሰምባልን ማይ ተመናይን፡ ኩባንያ ሰምባል ኣብ መበል 57 ደቒቕ ብመገዲ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይታ ግጥም ዝተሰምየ ሚሮን ዑቕባይ ብዘርኸበታ ሸቶ 1-ብ0 ተዓዊታ፤ ነጥባ ድማ ናብ ትሸዓተ ክብ ኣቢላ፡ ድሕሪ ደንደን ራብዐይቲ ተሰሪዓ ኣላ፡፡

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኂ ኂ ሊግ ዞባ ማእከል ዝካየድ ዘሎ ናይ ኣውዳቕካ ምሕላፍ ጸወታ ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል፡ ብሰሉስ ቀጺሉ፡፡

እዚ ውድድር፡ ናይ ሊግን ናይ ካልኣይ ዲቪዥንን ጋንታታት ሓቢረን ዘካይዳኦ ምዃኑ ይፍለጥ፡፡

ፈለማ ናይ ሊግ (ቀዳማይ ዲቪዥን) ጋንታ ኩባንያ ህንጻ ሰገንን ናይ ካልኣይ ዲቪዥን ጋንታ ኣልታሕረር 'ቢ'ን ተራኺበን፡፡ ጸቡቕ ዝወዓለት ኩባንያ ህንጻ ሰገን ድማ፡ ቀዳሚ ዕረፍቲ ካብ ሚሮን ኣለምሰገድ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ከኣ፡ ክልተ ሸቶታት ካብ ኣሲያስ ኣሚኑ፡ ሓላንቲ ካብ ኬብሮን ሚኪኤልን ሳሚኤል ተኸስተን ኣመዝጊባ፡ ብበሪሕ 5-ብ0 ተዓዊታ፡፡ ናይታ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ፡ ኣሲያስ እዩ ተረቚሑ፡፡

ኣስመራ በራን ናይ ካልኣይ ዲቪዥን ጋንታ ኩባንያ ህንጻ ሳዋን ዘካየዳኦ ጸወታ'ውን፡ ዕብለላ በራ ተንጸባሪቑሉ፡፡ ኣብ ታሽዓይቲ ደቒቕ ብመገዲ ሙኽታር ሓሚድ፡ ልዳት ኩባንያ ሳዋ ዝደፈረት ኣስመራ በራ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ'ውን፡ ሙኽታር ክልተ ሸቶታት ብምውሳኹ፡ 3-ብ1 ተዓዊታ፡፡ ንእኣ ሸቶ ሳዋ፡ ኬብሮን ሃብትኣብ ኣቑጺሩዋ፡፡ ሃትሪክ ዝሰርሐ ሙኽታር፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተጸዊዑ፡፡

ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል፡ ለሚ ሓሙስ፡ ኣልታሕረር ኣንጻር ደንደን 'ቢ'፡ ቀይሕ ባሕሪ ኣንጻር ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ብዘካይዳኦ ጸወታ፡ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ክቕጽል ምዃኑ፡ ህዝባዊ ርክባት ናይቲ ፌደረሽን ሓቢሩ፡፡

## ኣብ ዙር ርዋንዳ እትጻወት ሃገራዊት ጋንታ ተመሪጻ

ኣብ ዙር ርዋንዳ 2026 እትወዳደር ሃገራዊት ጋንታ ደቂ ተባዕትዮ ኤርትራ፡ ከምዝተመርጸትን ልምምድ ከምዝጀመረትን ሃገራዊ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ሓቢሩ፡፡

እዛ ብኣሰልጣኒ ሳምሶን ሰለሙን እትምራሕ ጋንታ፡ ንኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ መርሃዊ ቅዱስ፡ ሄኖክ ምሉእብርሃን፡ ናሆም ዘርኣይ፡ ናታን መድሃኔን ያፌት ሙልጌታን መሪጻ ኣላ፤ ሄብሮን ብርሃነ ከም ተጠባባቒ ተታሒዙ ኣሎ፡፡ መርሃዊ ድማ፡ ሓላፊኣ ምዃኑ፡ ሳምሶን ሓቢሩ፡፡

እዚ ዓሌማ፡ ብዘይካ'ቶም ኣብ ዙር ምግን ዝጻወቱ ዘለዉ መርሃዊን ሄኖክን ዝተረፉ ኣብ ውሽጢ ሃገር ልምምድ ምጅማሮም'ውን ኣፍሊጡ፡፡ እዞም ክልተ ወሰንቲ ተቐዳደምቲ፡ ለሚ ክጽምበርዎም ትጽቢት ይግበር፡፡

ብዘይካ'ዚ፡ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ናትናኤል ብርሃኑ፡ መትከል እዮብ፡ መዋእል ግርማይን ዓወት ኣማንን፡ ምስ ጋንታኦም ኢስታምቡል ብምዃን ኣብዚ ውድድር ክጻወቱ እዮም፡፡ በዚ ድማ ኤርትራ፡ ክጸ'ቲ ካብ ካልኦት ጋንታታት ዝገጥማ ብድሆ፡ ካብቶም ባዕላ ዘፍረየቶም ተቐዳደምቲ'ውን ሓያል ብድሆ ክገጥማ ይግመት፡፡




ናይ 2023 ዕወት ናይዚ ውድድር ሄኖክ ምሉእብርሃን

ኤርትራ፡ ኣብ ዙር ርዋንዳ ጸቡቕ ስም ካብ ዘለዋ ዝፍለጥ ኮይና፡ ኣብ 2010 ብመገዲ ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ ዳኒኤል ተኽለሃይማኖት፡ ንፈለማ ግዜ ተዓዊታ፡፡ ኣብ 2020 ከኣ፡ ብመገዲ ናትናኤል ተስፋጼን ዓወት ደጊማ፡፡

መርሃዊ ቅዱስ ኣብ 2019፡ ናትናኤል ተስፋጼንን ሄኖክ ምሉእብርሃንን ድማ ብቕደም ተኸተል ኣብ 2022ን ኣብ 2023፡ ምስ ናይ ቀደም ክለባቶም ብምዃን ምዕዋቶም ይዝከር፡፡




ናይ 2019 ዕወት ናይዚ ውድድር መርሃዊ ቅዱስ

እዛ ጋንታ፡ ዝሓለፈ ዓመት፡ ሻውዓይቲን መዛዘሚትን መድረኽ ኣካታዒ ብዘኾነ መገዲ ኣብ ዝተቛረጸትሉ፡ ኣብ ብጫ ማልያ ብመገዲ ሄኖክ ካልኣይቲ ምዛዛማ ይዝከር፡፡

ንመበል 18 ግዜኡ ዝሰላሰል እዚ ውድድር፡ 22 ለካቲት ጀሚሩ፡ ኣብ ሻሙናይቲ መድረኽ 1 መጋቢት ክዛዘም እዩ፡፡

ጽቡቕ ዕድል!

## ቶተንሃም፡ ንፍራንክ ኣባሪራቶ

እንግሊዛዊት ክለብ ቶተንሃም፡ ንኣሰልጣኒኣ ቶማስ ፍራንክ ካብ ስርሑ ከም ዘባረረቶ፡ ትማሊ ብዘውጽኣቶ መግለጺ ኣፍሊጣ፡፡

ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ሰነ መዘኻት ምዕላም ናይዛ ጋንታ ዝተቐበለ ፍራንክ፡ ድሕሪ ዘይዕወት ናይ ሸሞንተ ኣዋርሕ ጉዕዞ እዩ ካብ ስራሕ ተባሪሩ - ወላ'ኳ ክሳብ 2028 ፊሪሙ እንተነበረ፡፡

ሰሉስ ምሸት ኣብ ሜዳኣ ብኒውካስል ዝተሳዕረት እዛ ጋንታ፡ ካብ ናይ ምውራድ ሓደጋ ብሓሙሽተ ነጥቢ ጥራይ ልዒላ ኣላ፡፡ ኣብ ዝሓለፈ ሸሞንተ ናይ ሊግ ግጥማታ ድማ፡ ከይተዓወተት ተጓዒዛ - ድሕሪ ጥቅምቲ 2008 ንፈለማ ግዜ፡፡



ኣብ ዝሓለፈ 17 ናይ ሊግ ግጥማት ክልተ ዓወት ብድምር 12 ነጥቢ ጥራይ ዘመዝገበ ፍራንክ፡ ወላ'ኳ ኣብ ፕሪመር ሊግ ድኹም ብቕዓት ዘለዋ ጋንታ እንተሃለወ፡ ኣብ ሻምፕዮን ሊግ፡ ብኣንጻሩ እዩ፡ ነዛ ጋንታ፡ ራብዓይ ደረጃ ሒዙ ብቐጥታ ናብ ዙር 16 ክትሓልፍ ኣኽኢሉዋ ኣሎ፡፡

### መደብ ጸወታ

ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል

ኣልታሕረር - ደንደን 'ቢ' 1:30 ድ.ቀ

ቀይሕ ባሕሪ - ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን 3:30 ድ.ቀ

ፕሪመር ሊግ መበል 26 ሰሙን

ብሬንትፎርድ - ኣርሰናል 11:00 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ሕብረት ኤውሮጳ፡ 90 ቢልዮን ዩሮ ልቓሕ ንዩክሬን ኣጽዲቑ

ባይቶ ሕብረት ኤውሮጳ ትማሊ ረቡዕ 90 ቢልዮን ዩሮ ዝግመት ልቓሕ ንዩክሬን ከም ዘጽደቐ ተገሊጹ።

እዚ ድማ ኑታ ኣብ ኩናት ዘላ ሃገር ንፋይናንሳዊ መስመር ህይወት ዝሁብ ምዃኑ ብዙሓት ወገናት ይገልጹ ኣለው።

ኣመራርሓ ዩክሬን ትካል ዝሓበረት ምወላ ድሕሪ ምስኣብ፡ ንዩክሬን ዝወሃብ ወተሃደራዊ ሓገዝ ኣብ 2025 ናብ ዝተሓተ ደረጃ ከም ዝወረደ፡ በዚ ድማ፡ ፋይናንሳዊ ጸገማት ዩክሬን ዳርጋ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ሕብረት ኤውሮጳ ወዲቑ ከም ዘሎ እያም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

መሻርኽቲ ዩክሬን ዝኾና ሃገራት ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 36 ቢልዮን ዩሮ ወተሃደራዊ ሓገዝ ከም ዝመደባ ዝዘከር



ኮይኑ፡ እዚ ድማ ካብቲ ቅድሚኡ ዓመት ዝነበረ ናይ 41.1 ቢልዮን ዩሮ ሓገዝ ብ14 ሚእታዊት ከም ዝነከየ ይፍለጥ።

ኣመሪካ፡ ካብ 2022 ክሳብ 2024 ኣብ ዝነበረ ግዜ ፍርቂ ወተሃደራዊ ሓገዛት ዩክሬን ትሽፍኖ ምንባራ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብ ፈለማ 2025 ምስ ምምጻእ ትራምፕ ናብ ዋይት ሃውስ ግና እቲ ሓገዛት ደው ከም ዝበለ ይዝከር።

## ፖላንድን ኢጣልያን፡ ናብ ቦርድ ሰላም ከም ዘይጽንበራ ኣፍሊጠን

ፖላንድን ኢጣልያን፡ ናብቲ ብፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ዝተበገሰ ቦርድ ሰላም ከም ዘይጽንበራ ዝሓለፈ ረቡዕ ሓቢረን።

ኣብ መጀመርታ ንኩናት ቓዛ ደው ንምባል ዝተዳለወ እቲ ቦርድ ሰላም፡ ንዓለምለኻዊ ግጭታት ኣብ ምፍታሕ ዝሰፍሐ ተራ ክጻወት ከም ዝኽእል ትራምፕ ድሕሪ ምሕባሩ፡ ገለ ሃገራት 'እቲ ቦርድ ምስ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክወዳደር ይኽእል እዩ' ብምባል ስግኣተን ክገልጻ ጀሚረን እየን።

ቀዳማይ ሚኒስተር ፖላንድ ዶናልድ ቱስክ፡ "ቅርጺ ናይ'ቲ ቦርድ ሰላም ብዘምልክት ዝተወሰኑ ሃገራዊ ጥርጣረታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ፖላንድ ናብ ስራሕ ቦርድ ሰላም ኣይትጽንበርን እያ" ክብል ኣብ ኣኼባ መንግስቲ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ሓቢሩ።

"ይኹን'ምበር፡ ምስ ኣመሪካ ዘለና ዝምድናን ቀዳምነታትናን ኮይኑ ክቐጽል'ዩ" ዝበለ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር፡ ናብ'ቲ ቦርድ ንምጽንባር ዘኽእል ኩነታት እንተ ተቐይሩ፡ ሃገሩ ነቲ ዕድል ክትጥቀመሉ ምዃና ኣብሪሁ።




እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢጣልያ ኣንቶንዮ ታጃኒ'ውን፡ ሃገሩ ናብ'ቲ ቦርድ ከም ዘይትጽንበር ትማሊ ረቡዕ ገሊጹ።

"ብወገን ኢጣልያ ዘይሰገር ቅዋማዊ ዕንቅፋት ስለ ዘሎ፡ ናብ ቦርድ ሰላም ክንጽንበር ኣይንኽእልን" ክብል እቲ ሚኒስተር ንማዕከን ዜና 'ስካይ TG24' ሓቢሩ።

"እንተኾነ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ሰላም ንምርግጋጽ ዝዓለመ ጻዕርታት ዳግመ ህንጻት ክሰርሕ እንተ ደኣ ኣድልዩና፡ ዝኾነ ንምግባር ድሉዋት ኢና" ክብል ወሲኹ ገሊጹ።

ምስ ትራምፕ ቅርበት ዘለዋ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ኢጣልያ ጆርጅያ ሜሎኒ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ኢጣልያ ናብ'ቲ ቦርድ ክትጽንበር ዘኽእላ ውዕላት ክመሓየሽ ከም ዝሓተተት ገሊጻ ነይራ።

## ፕረዚደንት ኮሎምብያ "ፈተነ ቅትለት ተኻይዱለይ" ኢሉ

ፕረዚደንት ኮሎምብያ ጉስታቮ ፔትሮ፡ ዘይሕጋውያን ኣሲጋገርቲ ዕጹ ፋርስ ኣብ ልዕሊኡ ፈተነ ቅትለት ክፍጽሙ ከም ዝኽእሉ ክወዓሎ ዝጸንሐ መጠንቐቕታታት ስዒቡ፡ ቅድሚ ትማሊ ካብ ዝተኻየደሉ ፈተነ ቅትለት ከም ዝደሓነ ገሊጹ።

ኮሎምብያ፡ ንዓሰርተታት ዓመታት ዝኣክል ብደባይ ተዋጋእትን ካልኦት ዕጡቓት ጉጅለታትን ኣብ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ ተሸሚማ ከም ዝጸንሐት ይፍለጥ።

እዚ ኣብ ልዕሊ ፕረዚደንት ናይ'ታ ሃገር ተፈጺሙ ዝበሃል ዘሎ ፈተነ ቅትለት፡ ህሉው ጸጥታዊ ኩነታት ናይ'ታ ሃገር ዘጸገመ ምዃኑ ዘረድኡ ጸብጻባት፡ እቲ ፈተነ ቅትለት ቅድሚ እቲ 8 መጋቢት ዝካየድ ባይቶኣዊ ምርጫን ኣብ ዝመጽእ ወርሒ ግንቦት ክካየድ ተመዲቡ ዘሎ ፕረዚደንታዊ ምርጫን ከም እተፈጸመ ሓቢሮም።

ፔትሮ ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ዝተኻየደ ብቐጥታ ዝተመሓላለፈ ኣኼባ ካቢነ ሚኒስተራት፡ ቅድሚ ሰዓታት ምስ ደቂ ኣብ ሄሊኮፕተር ከም ዝነበረን መኻኒዮም ዘይተፈልጡ ውልቀ ሰባት ክትክሱ ይኽእሉ እዮም ብዝብል ስግኣት ድማ ኣብ ዝተወሰኑ መዕረፊ ቦታ ክዓልብ ከም ዘይከኣለን ገሊጹ።

ንኻልኣይ እብረ ስልጣን ንኸይወዳደር ብሕገ መንግስቲ ዝተኸልከለ ፔትሮ፡ ኣብ ነሓሰ 2022 ስልጣን ካብ ዝሕዝ ንደሓር፡ ሓደ ውድብ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ዕጹ ፋርስ ዒላማ ከም ዝገበሮ ገሊጹ ነይሩ።

ብዘይካዚ፡ ኣብ 2024 እውን ካልእ ፈተነ ቅትለት ከም ዝተፈጸመሉ ሓቢሩ ነይሩ።



## ኔቶ፡ ሓድሽ ተልእኾ ኣብ ዞባ ኣርክቲክ ጀሚሩ

ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ - ኔቶ፡ ህላወኡ ኣብ ዞባ ኣርክቲክ ንምሕያል ተልእኾ ከም ዝጀመረ ትማሊ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ሓቢሩ።

እዚ ኔቶ ከም ዝጀመሮ ዝገለጾ ዘሎ ተልእኾ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ንደሴት ግሪንላንድ ንምቁጽጻር ዘለዎ ድሌት ኣብ ውሽጢ እቲ ኪዳን ዝፈጠሮ ከበድ ወጥሪ ንምህዳእ ዝዓለመ ምዃኑ እዩ ዝገለጽ ዘሎ።

እዚ 'ኣርክቲክ ሴንትሪ' ዝተባህለ ሓድሽ ተልእኾ፡ ነቲ እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ ወተሃደራዊ ህላወ መሻርኽቲ ሃገራት ኔቶ ኣብ'ቲ ዞባ ዘወሃሃድ ከም ዝኾነ ዋና ቤት ጽሕፈት ናይቲ ኪዳን ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ ሓቢሩ።

ላዕለዋይ ኣዛዚ ኔቶ፡ "ኣርክቲክ ሴንትሪ፡ ኔቶ ኣባላቱ ንምሕላውን ሓደ ካብቶም ኣብ ዓለምና ብስትራተጂያዊ ኣገዳሲ ዝኾኑ ከባቢታት ንምርግጋእን ዘለዎ ተወፋይነት ዘጉልሕ'ዩ" ክብል ኣረዲኡ።

ኔቶ፡ ነዚ ሓድሽ ተልእኾ ክውጥን ዝጀመረ ትራምፕን ዋና ጸሓፊ ኔቶ ማርክ ሩተን ዝሓለፈ ወርሒ ቅልውላው ግሪንላንድ ኣብ ዘለዓለ ጥርዙ ኣብ ዝበጽሓሉ እዋን ኣብ ዳቮስ ድሕሪ ምዝርራብም'ዩ።

ሩተን ትራምፕን ኣብ ርክቦም፡ ኔቶ ኣብ ምሕላው ኣርክቲክ ዝዓበየ ተራ ክጻወት ከም እተሰማምዑ ዝሕብሩ ጸብጻባት - ዴንማርክ፡ ኣመሪካን ግሪንላንድን ድማ ብዛዕባ ግሪንላንድ ተወሳኺ ዘተ ከካይዳ ምዃነን ኣረዲኦም።



## ኢራን፡ ንሚሳይላዊ ዓቕማ ኣመልኪታ ከም ዘይትዘራረብ ኣፍሊጣ

ኢራንን ኣመሪካን ግጭት ንምውጋድ ሓድሽ ዙርያ ዝርርብ ንምክያድ ኣብ ዝሓስብሉ ዘለዋ እዋን፡ ኢራን ንሚሳይላዊ ዓቕማ ኣመልኪቱ ዝካየድ ዝርርብ 'ቀይሕ መስመር ምስጋር' ከም ዝኾነ ሓቢራ።

ኣማኻሪ ላዕለዋይ መራሒ ኢራን

ኢራን ተሓቢሩላ ዘሎ እገዳ ኣመሪካ ንምልዓል ብጉዳይ ኒዩክሌኣዊ መደብታ ንምዝታይ ድልውቲ ምዃና እኳ እንተ ገለጸት፡ እቲ ዝርርብ ግን ምስ'ቲ ብውሽጣዊ ዓቕማ እተፍርዮ ሚሳይላት ዝተኣሳሰር ክኸውን ከም ዘይብሉ ብተደጋጋሚ ክተጠንቅቕ



ዓሊ ሻምኻኒ ኣብ ዝኽሪ መበል 47 ዓመት እስላማዊ ሰውራ ናይ'ታ ሃገር ኣብ ዝኾመየ መደረ፡ "ሚሳይላዊ ዓቕሚ ኢራን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዝኣቱ ኣይኮነን" ኢሉ።

ጸኒሓ እያ።

ዲፕሎማሰኛታት ኣመሪካን ኢራንን ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዖማን ዘይቀጥታዊ ዝርርብ ኣካይዶም ምንባሮም ዝዝከር እዩ።

ተረኛ ፋርማሲ
ፋርማሲ ቅሳነት
ዕለት
12/2/2026
ጎደና
ጎደና ሓማሴን ቁ.45 ከባቢ ማይ ኣባሻውል
ቁ.ስልኪ
110911
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services